# ህይወት ብዙሕ ትእውደና እንተኾይና: ኩሉ ጽቡቕ ነገር ብጻዕሪ ድኣ ‘ምበር: ብኣጋጣሚ ዝመጽእ ኣይኮነን!!! ሰብ ኮይኑ ዘይእብስ ዕንጨይቲ ኮይኑ ዘይጥይስ የለን!!!

**መእተዊ:-**

እነቕርቦ ዘለና ጽሑፋት: ኣብ ምርድኡን ክውንነት ፈጽምታቱ ኣብ ምግንዛብን: ብህድኣት ክትከታተሉና እንዳ ኣተሓሳሰብና:: ነዛ ሰረተ እምነት ህላዌኣ: ኣብ ደምን ዓጽምን ሰማእታት ምኻኑ ብምግንዛብ: ብመጠን ዝኸፈለቶ መስዋእቲ: ዋጋ ሓንቲ ስድሪ መሬት ኤርትራ: ዋሕዚ ጠሊ ደም ሓደ ስውእ ከም እትሓትት ብምግንዛብ: ኣብ'ዛ ከም ሃገር ሃገራት ዘይኮነስ: ከም ሃገር ሰማእታት!!! ብሕድሪ ናይ ዝተኸፍለ ረዚን ዋጋ ዝጸንዐት ሃገርን!! ጸኒዑ ዘጽነዐ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ደው ብምባል: ንዝተሓልፈን: ዝሕለፍ ዘሎ ናይ ውሽጥን ናይ ግዳምን ተጻብኦታት: ብዝርዝርን ደቂቕን ምስናይ መርትዖታቱ: ህዝብና ክፈልጦ ዝግባእ ሓቅታት ክንገልጽ: ግዜ ዘሰክመና ግዝያዊ ናይ ህርፋን ጨረርታ ዘይኮነስ: ነባሪ ናይ ሰማእታትና ሕድሪ: ኣብ"ዛ ሃገር ሰማእታትን: ምድረ ገነት ስውኣትን ዝኾነት ሃገረ ኤርትራ: ንእተሰከምናዮ ዘይበታተኽ ነባሪ ሕድሪ ሰማእታትና: ንቐጻሊ ወለዶ ንምርካብ ኢዩ:: ምኽንያቱ:- እታ መሬት! መሬት ሃገረ ኤርትራ: ንዘለ-ኣለም ነባሪትን ህልውትን ኢያ!!! ትማሊ ሎሚ ኣይኮነትን: ወዲ ሰብ ሓላፊይ ኢዩ: ታሪኽ ግን ነባሪ ኢዩ::

ሰላም ከመይ ቀኒኹም:: ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ጽሑፍና: ካብ'ቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ፍልይ ብዝበለ: ነቲ ብመንገዲ ናይ ትማሊ ናይቲ ግሁድ ሕቡእ ጋዜጤኛ: ኣባል ማእከላይ ወኪል ስለያ ኣሜሪካ (ማወስ) ኮይኑ ንሰውራ ኤርትራን መንግስቲ ኤርትራን ዝስልል ዝነበረ ዳን-ኮኔል: ኣብ ድሮ ወርሒ መስከረም: ኣብ ወርሓት ነሓሰ: ቅድሚ ምቕያድ ጉጅለ 15 ምስ ገለ ካብ ኣባላት ጉጅለ 15 ዝገበሮ ቃለ መሕትት: ብሩት ሃብተማርያም ናይ ዝተተርጎመ መወከሲ ሰነድ መበገሲ ብምግባር: ነቲ ዘካየደሎም ቃለ መሕትት ብምህያስን ዝተጨበጠ ምላሽ ናይ'ቲ ምስ ሚኒስተር ጴጥሮስ ሰሎሞን: ምስ ሜጀር ጀነራል ብርሃነ ገረዝጊሄር: ምስ ጀነራል ዑቕበ ኣብርሃ ዘካየዶ ሰፊሕ ቃለ መሕትት ምርኩስ ብምግባር: ናይ ዝገበርናዮ መድርኽ ምቅላዕ ክውንነታዊ ነገራት ሓቅን ሓሶትን: ገጽ-ንገጽ! ቀጺልና ነቕርበልኩም:: ዝያዳ ንምርድኡ ክጥዕም: ንነባቢ ንዘይምድንጋር ነቲ ብወገና ዝቐረበ ጽሑፍ: ብቐይሕ ሕብሪ ጺሒፍናዮ ኣለና::

## ሰናይ ንባብ:-

**ዕላል ምስ ጴጥሮስ ሰሎሞንን ብርሃነ ገረዝጊሄርን**
**ብዳን-ኮኔል**
**ትርጉም ሩት ሃብተማርያም**
**2 ነሓሰ 2001**

**ኣባል (ማወስ)ን ጋዜጤኛን**
**ዳን-ኮኔል**



እዚ ዕላል ስግር ንያላ ሆቴል ኣብ ጎደና ቦሊቪያርድ ኣብ ዝርከብ እንዳ ስድራ-ቤት ጴጥሮስ ሰሎሞን ኢዩ ተኻይዱ:: ሓምለ 1976 ንመጀመርያ ንሜዳ ምብጻሕ ኣብ ዝገበርክሉ እዋን'የ ምስ ጴጥሮስ ተራኺበ:: ድሕሪኡ ብዙሕ ግዜ ንዘራረብ ነይርና::

ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 1977 ኣብ ግዜ ኩናት ናይ ምጽዋዕ ምስ ጴጥሮስ ዝገበርክዎ ዕላል ፈጺመ ኣይርስዖን:: እቲ ግንባር ኣብ'ታ ሃገር ተሪፈን ካብ ዝነበራ ቀንዲ ጽኑዓት ድፋዓት ኢትዮጵያ ንምሓዝ ዝገብሮ ፈተነ ድሕሪ ምፍሻሉ ውሕድ ሰዓታት ንጴጥሮስ ኣዘራሪበዮ: ኩናት ምጽዋዕ ናይ'ቲ ዝግበር ዝነበረ ውግኣት ቀንዲ ነጥበ መቐይሮ'ዩ

ነይሩ:: ንሓርነታዊ ቃልሲ ንድሕሪት ዝጎተተን: ሓይሊ ሚዛን ንኽመዛበል ዝገበረን: ን 14 ዓመት ዝቐጸለ ምትእትታው ሶቭየታውያን ኲናት ምጽዋዕ ናይ መጀመርያ ደረጃ ትእምርቲ ነበረ:: ኣብ ትሕቲ ናይቲ መሪሕነት: ናይቲ ህይወት ኤርትራውያን ብምጥፍኡ! ጴጥሮስ ብርኡይ ኣብ ገጹ ሓዘን ይንበብ ነበረ:: ኣብ'ቲ ኲናት ግዳይ ናይ ዝኾኑ ቁጽሪ ተጋደልቲ ሂቡኒ:: እዚ ዓይነት ኣሰራርሓ እቲ ግምባር ኣዝዩ! ኣዝዩ! ሳሕቲ ዝግበር'ዩ:: ይኹን ድኣ 'ምበር ጴጥሮስ ብስትራተጂካውን ታክቲካውን እተኸፋፈለ መደባት ብምውጻእ: (ከም'ቲ ካልኦት ኣዘዝቲ ሰራዊት ዝደልይዎ) ንዳግማይ መጥቃዕቲ ይዳሎ ነበረ::

**ጴጥሮስ ሰሎሞን** **ሜ.ጀ. ብርሃነ ገ/ሄር**





ዳን ኮኔል ይጠቅስ:- ""ጴጥሮስ ሰሎሞን ኣብ ትሕቲ ናይቲ መሪሕነት: ናይቲ ህይወት ኤርትራውያን ብምጥፍኡ! ጴጥሮስ ብርኡይ ኣብ ገጹ ሓዘን ይንበብ ነበረ" ክብል ገሊጹ ኣሎ:: ጴጥሮስ ሰሎሞን ንባዕሉ ሓደ ካብ ኣባል መሪሕነት ጥራይ ዘይኮነ: ኣባል ማእከላይ ሽማግለን ሓደ ካብቶም ወሰንቲ ቁልፊ ዝነበሩ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኢዩ ነይሩ:: ስለ'ዚ ነዚ ኲናት እዚ ብስትራተጅን ብቴክኒንክን ብስልትን ብግዜን ክውጠን እንከሎ: ሓደ ካብ ወጠንትን ሓንጸጽትን ምንባሩ: ኢዱ ዘየንበረ ንምምሳል ንዝተኻየደ ጅግንነታዊ መስዋእቲ: ናብቲ ናይ'ቲ እዋን መሳርሕቱ ዝነበሩ ኣባላት መሪሕነት ክድርብዮ ምድላዩ: እቲ ዕላማ እንታይ ንምውቃዕ ኮን ተደልዩ ነይሩ ይኸውን? ኣብ'ቲ ዝቐጸለ: መጀመርያ ከም ሕግን ስርዓትን ስነ-ምግባር ናይ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ድሕሪ 1ይ ውድባዊ ጉባኤ ዝጸደቐ ሕጊ እንተሃልዩ: ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ናይ ዝኾነ ዝተሰውአ ሓርበኛ ብዝሕን ስም ዝርዝርን ጥብቂ ምስጢር ኮይኑ ዝተሓዝ ኢዩ ነይሩ:: ስለ ዝኾነ ብፍላይ ከኣ ጴጥሮስ ሰሎሞን ከም ዓቢ መራሒ ናይ'ቲ ውድብ ከም ምንባሩ መጠን: ነቲ ባዕሉ ከም ኣባል መሪሕነት ዘጽደቖን ዘውጽኦ ሕግን ሕጋጋትን ብምጥሓስ: ነቲ ኣብ እዋን 1977 ባጽዕ ንምሕራር ዝተኻየደ ኲናት ናይ ዝተሰዉኡ ብዝሒ ሰማእታትና: ንሓደ ናይ ምዕራብ ጋዜጤኛ ምግላጽን ሓበሬታ ምቕባልን: እንታይ ምትእስሳርን? ናይ መላለዩ ባብ ስለ ዝተኸፍተሉን ኢዩ? ነዚ ሓደ ካብ ክብርታት ዝኾነ ምዕቃብ ምስጢር: ውድብ ህዝባዊ ግምባር ብዘይ ፈልጠ መንገዲ ናብ ናይ ትማሊ ሕቡእ ጋዜጤኛ: ናይ ሎሚ ኣባል ማእከላይ ወኪል ስለያ ኣሜሪካ (ማወስ) ዝኾነ ዳን ኮኔል ከመሓላልፍ ዝኸኣለ? ንምንታይ ዕላማ? ብወገና ከም ጉጅለ ኣባላት ተጸናጸንቲ: ነባቢ ናይ ገዛእ ርእሱ ትዕዝብትታት ክገብር ዛዕባ ጉዳይና ናብ ነባቢ ንገድፎ::

ድሕሪ ምዝላቕ ኣብ ናይ ኣዘዝቲ ድፋዓት: ኣብ ናቕፋ ኣብ መቐበሊ ኣጋይሽን ኣብ ትሕቲ መሬት ኣብ ዝነበረ ቤት ጽሕፈት: ኣብ ሳሕል እረኽቦ ነበርኩ:: ድሕሪ ናጽነት ኣብ መጀመርያ 90 ታት ሚኒስትሪ ምክልኻል እንከሎ (1992-1994): ደሓር ወጻኢ ጉዳይ ምስ ኮነ (1994-1997): ኣብ መወዳእታ ሚኒስተር ሃብቲ ዓሳ ምስ ኮነ (1997-2001) ኣዘራሪበዮ:: ኣብ ቀረባ እዋን የካቲት 1999 ካልኣይ ዙርያ ኲናት እንዳተኻየደ ምስ በዓልቲ ቤቴይ ደቢ ሃርድ ንኤርትራ ክንበጽሕ ምስ መጻእና: ብወዝቢ ምስ ጴጥሮስ ተራኺብና::

**ዳን-ኮኔል ምስ በዓልቲ ቤቱ ደቢ ሃርድ** **ሓላፊ ድህንነት ወያነ ክንፈ ገብረመድህን**





ዳን-ኮኔል ናብ ሜዳ ኤርትራ ኣብ ዘዝመጻሉ እዋን ንጴጥሮስ ሰሎሞን ከይረኸቦ ይኸይድ ኣይነበረን:: ስለምንታይ? ምስ'ቲ ጴጥሮስ ሰሎሞን ሒዝዎ ዝነበረ ሓላፍነት ምስ እነስተብህል: ማለት:- ጴጥሮስ ሰሎሞን ምስ ናይ'ቲ ውድብ ሓላፊ ስለያ ምስ ምኳኑን: ዳን- ኮኔል ከኣ ኣባል ማእከላይ ወኪል ስለያ ኣሜሪካ (ማወስ) ምስ ምኳኑ ኣብ ግምት ብምእታው: ዳን-ኮኔል ንምንታይ ዝዓለመ ኾን ይኸውን: ልዕሊ 20 ግዜ ርክብ ምስ ጴጥሮስ

ሰሎሞን ዘካየደ? ምስ'ዚ ዳሕረዋይ ኣብ ክስተት ተረኺቦ 2001 ሕቡእ ምስጢራዊ ቃለ መሕትትን ርክብን ዝተኻየደስ እንታይ ዕላማን ዝምድናን ይህልዎ? በዓልቲ ቤት ዳን-ኮኔል: ደቢ-ሃርድ: ዳን-ኮኔል ናብ ሜዳ ኤርትራ ክመላለስ እንከሎ: ደቢ ሃርድ ኸኣ ናብ ወያነ ኢ.ያ ትመላለስ ነይራ ጥራይ ዘይኮነትሲ: ምስ ናይ ወያነ ናይ ድህንነት ሓላፊ ዝነበረ እሞ ደሓር ዝተቐትለ ክንፈ ገበረመድህን: ፍሉይን ጥቡቕን  ዘ-ኢ.ትነገር ዝስመ ርክብ ዝነበራን ኣብ ርእሲ ምኻና: ድሕሪ ኲናት ናይ ኤርትራን ኢ.ትዮጵያን 'ውን: ናብ ኢ.ትዮጵያ እትመላለስ ዝነበረትን: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ስርሓ ኣብ ምምሕዳር መንግስቲ ኣሜሪካ ብፍላይ ምምሕዳር ባራክ ኦባማ: ነዚ ናይ ኤርትራ ጉዳይ ሓሊኸን ካብ ዝሓዛ ሰባት ሓንቲ ኢ.ያ: ጉጅለ ተጸናጸንቲ ነዚ ጉዳይ ክንፍትሖ ኢ.ና::

ኩሉ ግዜ ጴጥሮስ ኣብ ስርሑ ግዱስን: ብዛዕባ ሓያልን ድኹምን ጎድንታት ሃገሩን ነብሱን ብጋህዲ ይዛረብ: ኣብ ግብሪ ዝኣምንን ፍቕሪ ሃገሩ ዘለዎ ሓርበኛ ኢ.ዩ:: ኣብ ውጹኢ.ታት ጽቡቕ ትጽቢ.ታትን ኣረኣእያታትን ክህልዎ እንከሎ: ብፍላይ ዕዉ.ታት ስርሓት ክጭበጡ ዝኽእሉ ዕላማታት ዝዓግቱ ቢ.ሮክራሲያን ካልኦት ኣንነትን ኣይዕገሶምን:: ብተወሳኺ በሊሕ ሕጉስን ተዋዛያይን ኢ.ዩ:: ምስ ኢ.ሰያስ ምግጫው ድማ ዘይተርፍ ኢ.ዩ ነይሩ::

ኣብ'ዚ ነጥቢ እዚ ዳን-ኮኔል ምስ'ቲ ትሒ.ቱ ባዕሉ ጴጥሮስ ሰሎሞን ንሕቶ ዳን ኮኔል ምላሽ ሂቡሉ ዘሎ ከነዛምዶ እንከለና: ዓቢ ፍልልይ ዘለዎ ነጥቢ ኢ.ዩ ጥራይ ዘይኮነ: ዝያዳ ናብ ወደሰ ዝዘምበለ: ልዕሊ ኹሉ ንጴጥሮስ ሰሎሞን ንምዕባይ ዝተገልጸ ሓረግ ምኻኑ ኢ.ዩ ዝንጽረልካ:: ዝያዳ ንምብርሁ ኣብ'ቲ ትሒ.ቱ ዝቐርብ ናይ ሕቶን መልስን ቅብብል ክንጽር ኢ.ዩ::

ኣብ'ዚ ዕላል ተሓዊሱና ምስ ዘሎ ብርሃነ: ዋላ'ኳ ቅድሚ ሕጂ ረኺ.በዮ እንተነበርኩ: ወግዓዊ ቃለ መጠይቕ ግን ገይረሉ ኣይፈልጥን:: ብዝርዝር ንምዝርራብ ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ወርሒ ኣብ ገዝኡ ረኺ.በዮ ነይረ:: እቲ ዝገበርናዮ ዕላል ኣብ ናስትሮ ኣይተመልአን::

ዳን-ኮኔል ብኣበሃህላኡ ንሜጀር ጀነራል ብርሃነ ገረዝጊሄር ዋላ'ኳ ይረኽቦ እንተነበረ: ቃለ መሕትት ክካደሉ ድሉው ኣይነበረን:: ምኽንያቱ ኣብ'ቲ እዋን ምናልባት ብርሃነ ገረዝጊሄር: በቲ ዳን-ኮኔል ዝደልዮ ሕማም ኣይተለኸፈን ነይሩ ማለት ኢ.ዩ:: ዳን-ኮኔል ንብርሃነ ምስ ጴጥሮስ ሰለሞን እንከሎ ከም ዝተሓሶሞ ኳ እንተገለጸ: ቅድሚ ሕጂ ዝኾነ ወግዓዊ ቓለ መጠይቕ ገይርሉ ከም ዘይፈልጥ ኢ.ዩ ዝነግረና ዘሎ:: ብደረጃ ሓላፍነት ክንርእዮም እንከለና እዞም ክልተ ተጋደልቲ ክሳብ 87 ኣባላት ማእከላይ ሽማግለን: ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈትን ኢ.ዮም ነይሮም:: ብደረጃ ዓይነት ስራሕ ክጥመት እንከሎ ኸኣ: ንናይ'ቲ ውድብ ምዕባሌታት ንዓለም ንምልላይ ዝዓለመ ቃለ መሕትት ዝድለ እንተነይሩ: ካብ ምስ ጴጥሮስ ሰሎሞን ምስ ብርሃነ ገረዝጊሄር ቃለ መሕትት ክካይድ ይምረጽ ነይሩ:: ንምንታይ ዕላማ ኢ.ዩ ዳን-ኮኔል ቀጻሊ ምስ ጴጥሮስ ሰሎሞን ወግዓውን ዘይወግዓውን ርክባት ዘካይድ ዝነበረ? ኣብ መወዳእታ ኸኣ እንታይ ንምግላሕን ረመጽ ንምኽዓውን ኢ.ዩ: ነቲ ሃንደበት ተሓዊሱና ዝበሎ ብርሃነ ገረዝጊሄር ደሚሩ ቃለ መሕትት ከካይደሎም ዝመረጸ? ኣብ'ታ ሃገር እንታይ ይናኸስ ስለ ዘሎ ኢ.ዩ ምትእስሳሩ ኸኣ ክሳብ ኣበይ ኢ.ዩ ክቕጽል?

ብርሃነ:- ካብ መጀመርያ ኣባል ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ሰልፍን ነይሩ:: ንሱ ኣብ 1976 ናይ'ቲ ሰልፊ ኣባል ማእከላይ ሽማግለን ኮይኑ ድሕሪ ምምዛዙ: ክሳብ መወዳእታ ኣባል ሕመረት ሰልፊ ኮይኑ ጸኒሑ::

እታ ናይ መጀመርያ ካሴት ክመልእ እንዳተዳለኹ: ብትእዛዝ ፕረሲ.ደንት ስም ጴጥሮስ ንምክፋእ: ኣብ ምጽዋዕ ኣብ ሚኒስትሪ ዓሳ ዝነበረ ብልሽውና ንምጽራይ ብዝብል: ብናይ ጸጥታ ሰብ መዚ ዝግበር ውጹኢ.ት ዘይብሉ ጻዕርን: ብዛዕባቲ ሕንፍሽፍሽ ዝበለን ዓጋቲ ባህርያትን ብልሽው ተግባራትን መንግስትን ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ኣዕሊ.ልና:: እዞም ዓይነት ኣሰራርሓታት ጴጥሮስ ካብ ነዊሕ ክነቕፎም ጸኒሑ ኢ.ዩ::

ዳን-ኮኔል እንታይ ማለቱ ኢ.ዩ? "ናይ መጀመርያ ካሴት ክመልእ እንዳተዳለኹ እንከለኹ ብትእዛዝ ፕረሲ.ደንት ስም ጴጥሮስ ሰሎሞን ንምክፋእ: ኣብ ሚኒስትሪ ዓሳ ናይ ብልሽውና

ምጽራይ ክካየድ ብዝብል ውጺኢት ዘይብሉ ጻዕሪ: ብናይ ጸጥታ ሰብ መዚ ተኻይዱ" ዝብለና ዘሎ?

ጴጥሮስ ሰሎሞን ሚኒስትሪ ዓሳ ኣብ ዝነበረሉ እዋን: እንታይ ዓሎቕን ስምምዕን ድዩ ዝካየድ ነይሩ? ነዚ ዘነጽር ናይ ብልሽውና ሓቂ ዋላኳ መንግስቲ ኤርትራ ብወግዒ ኣይዛረበሉ: ነዘርላንዳዊ

**ናይ ማሪን ባዮሎጂ ኪኢላ ተባሂላ ዝመጸት**
**ዳንያ ኣቫሎነ**




ትካል fiskano BV ምስ ሚኒስትሪ ዓሳ ኣብ ዝነበሮ መስርሕ ዝተኻየደ ዘይሕጋዊ ኣሰራርሓ: ናይ ሕጂ ናይ ኤርትራውያን ናይ ሰብኣዊ መሰል ተጣባቒት ኢየ በሃሊት: ኢጣልያዊት ዳንያ ኣቫሎነ ኪኢላ ናይ ማሪን ባዮሎጂ ኮይና ብምእታው: ብከላን ናይ ዓሳ ምህርቲ ምግፋፍን ክእለትን ብቕዓትን ዘይብላ ጥራይ ዘይኮነት: ኣብ ኢጣልያ 'ውን ሕጋዊ ፍቓድ ዘይብላን: ሓዋ ሓደ ካብቶም ወነንቲ መራኽብ ኮይኑ: ብመንገዲ ሓዋ ብጉልባብ ምግፋፍ ዓሳ ኣብ ባሕሪ ኤርትራ እንታይ ንምክያድ ሓሳብ ከም ዝነበሮምን: መንግስቲ ኤርትራ ንሓጺር እዋን ምስ ቀየዳ: ኣብ እዋኑ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓት ካብ ኤርትራ ከም ዘባረራን ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ: ካብ ኤርትራ ምስ ወጸት ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ሃገረ ኤርትራ: ብጉልባል ምጥባቕ ሰብኣዊ መሰላት: ሓደ ኣስፐር ዝብሃል ማሕበር መስሪታ ቅዳሕ ሊንክ ተመልከት:- http://www.peacelink.it/pace/a/29438.html
ክሳብ ለይተ ሎሚ ናይ ተጻቢኦ ተግባራታ እተካይድ ዘላ ምኻናስ: ዳን-ኮኔል ስለ ዝጠፍኦ? ወይ ስለ ዘይፈለጦ ኢዩ? ኣመት ናብ ምክልኻል ዝኸይድ ቃለ መሕትት ብምክያድ ሓሊፉ ዝጸንሐ: ናይ ትካል fiskano BV ዝነበረ ብልሽውና ምጽራይ ኣብ ዝተጀመረሉ እዋን 'ውን: ወናኒ ትካል fiskano BV ካብ ኤርትራ ሃዲሙ ብምውጻእ: ነቲ ድሒሩ ዝተኸስተ መስከረም 2001 ምእሳር ናይ ጴጥሮስ ሰሎሞን ኣመልኪቱ: ብመንገዲ ናይ'ቲ ጴጥሮስ ሰሎሞን ከም ብላዕ: ስልጣን ናብ

**ብመንገዲ ጴጥሮስ ሰሎሞን**
**ከም መተካእታ ፕረሲደንት ዝተሓጽየ**
**ሙሴ ኤፍሬም**



ሓደስቲ ወለዶ ክመሓላለፍ ኣለዎ ብዝብል ምስምስ: መተካእታ ፕረዚደንት ሓጽይዎ ዝነበረ ኤርትራዊ ሽወደናዊ ሙሴ ኤፍሬም: ካብ ወናኒ ትካል fiskano BV ዝተገብረሉ ናይ ገንዘብ ምወላ: ኣብ ኤርትራ ብመንግስቲ ተሃጊሩኒ ናይ ዝብሎ ንብረት ክምለሰሉ ብማለት: ጴጥሮስ ሰሎሞን ካብ ቤት ማእሰርቲ ንኸውጽእ: ብመንገዲ ኣብ ቕድሚ ሕጊ ይቕረበለይ: (*habeas corpus*) ክሲ ኣብ ልዕሊ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ኤርትራ ክምስርት እንከሎ: ሓደ ካብ'ቲ ብመንግስቲ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ሚኒስትሪ ዓሳ ዝተኻየደ ናይ ብልሽውና ውጺኢት ምንባሩ: ዳን-ኮኔል ናይ ብሓቂ ስለ ዘሰሓቶ ዲዩ? ዋላ ነቲ ሓቂ ንምጥምዛዝ ኢዩ ነይሩ እቲ ዕላማ? ንምንታይ ከ እቲ ቃለ መሕትት ኣብ ኤርትራ ውሽጢ ካብ ተኻየደ: ዳን-ኮኔል ኣብ ኤርትራ ውሽጢ እንከሎ ዘይዘርገሖ? መሰረታዊ ሕቶ ናይ ወናኒ ትካል fiskano BV ሚኒስተር ዓሳ ጴጥሮስ ሰሎሞን: ከመይ ገይሩ ካብ ቤት ማእሰርቲ ወጺኡ: ናይ'ቲ ተሃጊሩኒ ዝብሎ ንብረት ይምለሰሉን: ጴጥሮስ ወይ ምስሊ ጴጥሮስ ኣብ ስልጣን ቀጺሉ ዕላማታቱ ብኸመይ ይሰርሕ ጥራይ ኢዩ ዝሓስብ ነይሩ:: ኣብ ዝቐጸለ ምስ ናይ ኣህጉራዊ ሕጊ ኪኢላ ዶክተር ኤልሳቤጥ ዞኽፈልድ ዝተገብረ ምዝርራብ: ፓን ኣፍሪካ ዝሃቦ ናይ ምኽሪ መስመርን: እቲ ኽሲ ነቶም ብጉጅለ 15 ዝፍለጡ ሰበ-ስልጣን ዘጠቓለለ ከም ዝኸውን ተገይሩ: ቅዳሕ ናይ'ቲ ኣብ እዋኑ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ ናብ ናይ ኣፍሪቃ ሂማን ራይት ዎች ዝተመስረተ ክሲ: ብድፊኢት ወናኒ ትካል fiskano BV ቅዳሕ ሊንክ ተመልከት:-
http://www.achpr.org/files/sessions/34th/comunications/250.02/achpr34_250_02_eng.pdf

**"ህዝባዊ ሰልፍን ተርኡ ኣብ ሓርነታዊ ቃልስን" ዝብል ኣርእስቲ ቅድሚ ምእታወይ: ነቲ መቕድሒ ድምጺ ብምውላዕ ቁሩብ ካብ'ዚ ዕላል ኣብኡ ከም ዝኣቱ ገይረ ኣለኹ::**

ጴጥሮስ:- ኣብ'ዚ እዋን ብዙሕ ምጥፍፋእ ኣሎ:: ነዚ ብልሽውና ብጭቡጥ ንምምርማር እንተድኣ ኮይኑ: ኩሉ ነገር ክምርመር ኣለዎ:: ኣብ'ዛ ሃገር ንዘሎ ምጥፍፋእ ተሓታቲ ዝኾውን ሰብ ክህሉ ኣለዎ::

ብርግጽ ተሓታቲ ዝኾውን ሰብ ክህሉ ኣለዎ:: ተሓታትነት ንኽህሉ ግን: ሚኒስትርታት ይኹና ሰብ መዚ ኣብያተ ጽሕፈታት: ቁጽጽር ክግበረለን ኣይነበሮን ድዩ? ነቲ ኣብ ሚኒስትርታት: ኣብያተ ጽሕፈታት ዝካየድ ቁጽጽርን ተሓታትነትን: ኣብ ልዕለይ ክካየድ የብሉን! ኣነ ቅኑዕ ኢየ! ናባይ ገጽኩም ኣይትጠምቱ ዝብል ክሳብ ዝሃለወ ኸ! መን ኢዩ ተሓታቲ ዝኾውን ሰብ ከውጽእ? ነቲ ኣብ ሚኒስትሪ ዓሳ ክካየድ ዝጀመረ ናይ ብልሽውና ምጽራይ እኮ: ኣቐዲሙ ጴጥሮስ ስሙ ንምክፋእ ተባሂሉ ብፐረዚደንት ተኣዚዙ ይግበር ከም ዘሎ ገይሩ ኢዩ ብመንገዲ ዳን-ኮኔል ኣቢሉ ክረደኣና ዝፍትን ዘሎ:: ኣበይ ኢዩ ዘሎ ሕጂ እቲ ሓቂ? ከም ዝመስለና ሓቂ ዘለዎ ሰብ ውሽጥ'ካ ከነጻሪ ኢና ኣብ ዝበሃለሉ እዋን: ከም ግቡእ መንግስታዊ ኣሰራርሓ ማዕጹኡ ነቲ ዘጻሪ ኣካል ይኹን: ነቲ ንምጽራይ ዝእዝዝ ዘሎ ሰብ ክፉት ክገብር ጥራይ ኢዩ ዘለዎ::

እቲ ባይቶ ተሓታቲ ከም ዘይከዉን ኣዝዩ ርግጸኛ ኢየ:: ባይቶ ነዚ ጉዳይ ኣልዒሉ ተዘራሪቡ ኣይፈልጥን:: ኣብ'ቲ መንግስቲ ዝግበር ዘሎ ኩሉ ብደቂቕ ክምርመር ኣለዎ:: ብዛዕባ ምሕደራ ገንዘብ ብኸመይ ይእከብን? ይከፋፈልን? መርመራ ክግበር ኣለዎ::

መን ኢዩ ዝሕተት ብዘየገድስ ሓቅነት ዘለዎ ሰብ ናብ ህዝቢ ኢዩ ዝወርድ:: ባይቶ ዝሕተት ከም ዘይሕተት ርግጸኛ ካብ ኮነ ጴጥሮስ: እቲ በዚ ብልሽውና ዝሕተት ኣካል መን ምዃኑ ኣቐዲሙ ይፈልጥ ከም ዝነበረ ኢዩ ዝእንፍተልና ዘሎ:: ገንዘብ ብኸመይ ይእከብ 'ውን ንባዕሉ እቲ ሚኒስትሪ ዓሳ ዘካይዶ ናይ ገንዘብ እትዋት: ሓደ ካብ'ቲ ሕጋዊ ኣሰራርሓ ናይ'ቲ መንግስቲ ኢዩ:: መንግስቲ 'ውን ብኸመይ ገንዘብ ይእክብን የከፋፍልን: ናይ ባዕሉ ናይ ምሕደራ ሕግን ሕጋጋትን ኣዋጃትን ነይሩዎ ኢዩ:: ሕጂ እንታይ ስለ ዝተደልየ ኢዩ እዚ ኣበሃህላ እዚ ክዝረበሉ ተደልዩ? እቲ የእዳው ናብ መን ክቐሰር ስለ ዝተደልየ ኢዩ?

ዳን-ኮኔል:- ንህዝቢ እትተዘርግሐ ሃገራዊ ባጀት የለን:: ሓቂ ድዩ እቲ መንግስቲ ካብ ዝምስረት እትተዘርግሐ ባጀት የለን ድዩ?

ብባይቶ ወይ ብካቢኔ ተዘሪብሉ ዝጸደቐ ባጀት የለን:: ከም ዝመስለኒ ኣብ ካቢኔ ሓደ ወይ ክልተ ግዜ ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ ፈተነ ተገይሩ ነይሩ:: ብዙሕ ግዜ ኣይሰርሕን ነይሩ:: ምኽንያቱ እቲ ባጀት ተንቀሳቓስን ቀዋምን (ካፒታል) ዝብሃል ክፋላት ኣለዎ::

መንግስታዊ ባጀት እንተዘይነሩ ሚኒስትሪ ዓሳ በየናይ ባጀት ይመሓደር ነይሩ? ብደሞዝ ጴጥሮስ! ክንጸር ዝነበሮ ናይ'ቲ ሕቶ ምላሽ ኢዩ::

እቲ ተንቀሳቓሲ ባጀት ዝብሃል: ደሞዝ ሰራሕተኛታትን ወጻኢታትን የጠቓልል:: ህዝቢ ዘድህበሉ ነዚ ባጀት እዚ ኢዩ:: እቲ ካፒታል ዝብሃል ብዙሕ ግዜ ተዘሪብሉ ኢዩ:: እንተኾነ ክሰርሕ ኣይከኣለን::

ኣብ ህዝባዊ መዓላ ንዝውዕል ባጀት ከይተገደስካ: ከም ሚኒስተር ናብ'ቲ ካፒታል ናይ'ቲ መንግስቲ ዘሎ ቅሙጥ ገንዘብ ምድሃብሲ: ምቒሊትካ ምምዕዳው ዶ ኣየስምዕን::

ኣብ ኣወሃህባ ውሳነ ዘለና ኣካይዳ ርትዓዊ ኣይኮነን:: ሚኒስትሪታት ዕማም ንኽፍጽማ ዘኽእለን ስልቲ (ስትራተጂ) ኣጽኒዐን ንባይቶ የቕርባ:: እቲ መንግስቲ ዘለዎ ጸጋታት ንዋት ገንዘብ እዚ ኹሉን ንባይቶ ብምሕባር: እቲ ባጀት ወይ ገንዘብ ብርትዓዊ ኣገባብ ኣብ'ታ ሃገር ክውዕል የፍቅድ:: ከም ዝመስለኒ ሓደ ክልተ ግዜ እቲ ምዝርራብ ነይሩ ውጽኢት ግን ኣየምጸአን::

ብምንታይ ምኽንያት ኢዩ ውጺኢት ዘየምጸአ?

ዳን-ኮኔል:- እንተኾነ ኣብ ፊናንሳዊ ጉዳያት ዘሎ ዘይግልጹነት: ገለ ዓለምለኻውያን ለገስቲ ቅሬታአን ክገልጻ ጀሚረን ኣለዋ::

ኣየኖት ትካላት ኢየን ቅሬተአን ዝገልጻ ዘለዋ? እተን ከም መተካእታ መንግስቲ ኮይነን ክሰርሓ ዝደልያ? ብስም ግብረ ሰናይ ማሕበራት ዝፍለጣ ብበዓል ጆርጅ ሶሮስ ዝምርሓ የዕነውቲ ትካላት? ቀደምትነት መንግስቲ ከይተገደሳ ብናተን መደባት ንስራሕ መንግስቲ ተኪኤን ክሰርሓ ዝደልያ ትካላት? መንግስቲ ኤርትራ ተሓቢኡ ዘይኮነ ብወግዒ ዝባኑ ቐሊዑ ከም መተካእታ መንግስቲ ኮይነን ክሰርሓ: ከም ሓደ ክፉል ሚኒስትሪ ናይ'ታ ሃገር ከም ዘይቆጽረን: ብሕጊ እቲ ኤርትራ ዘውጸኣቶ ሓራ ፖለቲካዉን ቁጠባዊን ፖሊሲ ተቐይደን ዝሰርሓ እንተኾይነን መርሓባ: እንተዘይኮነን ግን ካብ ሃገር ከም ዝወጻ ገይሩ:: ኣብ'ዚ ክመጽእ ዝኽእል ቅሬታ እንታይ ኢዩ መበገሲኡ? ዶስ ኩሉ ጻዕዳ ሕብሪ ዝሓዘ ፈረንጂ ክሳብ ዝመጸ መንግስቲ ኤርትራ ክሳዱ ኣጎንቢሱ ዘይተማእዘዞ ኢዩ ዝድለ ዘሎ? እዘን ትካላት እዚኣተን እኮ ኪኖ እቲ ግብራዊ ስረሐን: እቲ ብሕቡእ ዘካይደኦ ስራሕ ምስለላን: ምዕላው መንስግትን ኢዩ::

ጴጥሮስ:- ኣነ ክሳብ ዝፈልጦ ምናልባት ብዛዕባ ገለ ኣርእስትታት እንተዘይኮይኑ: ኣብ ባይቶ ንባጀት ብዝምልከት ተዘሪብሉ ኣይፈልጥን::

መንግስቲ ኤርትራ ብመሰረት ኣዋጅ ነጋሪት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ: ንባጀትን ፊስካላዊ ባጀትን ዝምልከት ክልተ ኣዋጃት ኣውጺኡ ኢዩ ዝሰርሓሉ ነይሩ:: እዚ ኣዋጅ እዚ ብወግዒ: ድሕሪ ወግዓዊ ምእዋጅ ሉኡላውነት ኤርትራ ኢዩ ወጺኡ: ጴጥሮስ ሰሎሞን ኣብ መግለጺኡ ብዛዕባ ናይ ገለ ኣርእስትታት እንተዘይኮይኑ: ብጉዳይ ባጀት ባይቶ ተዛሪቡ ኣይፈልጥን ክብል ኢዩ ዝገልጽ ዘሎ: ባይቶ ብዘይ ዝኾነ ናይ ሚኒስትርታት ባጀት ኣብ ምንታይ ኢዩ ተዛሪቡ: መንግስቲ ባጀት ብዘይምስርዑ ኸኣ ንባዕሉ ጴጥሮስ ካብ ተሓታትነት ንነብሱ ነጻ ዝገብሮ ኣይኮነን:: ካብ'ቲ ቐንዲ ተሓታትነት መጀመርያ ንነብሱ ነጻ ክገብር የብሉን::

ብርሃነ:- ንባጀት ብዝምልከት ሕጊ የለን: ብዛዕባ ባጀታዊ ጉዳያት ምምይያጥ ዝብሃል ኣይነበረን: ስለ ዝኾነ ፊስካላዊ ባጀት ዝብሃል የለን::

መንግስቲ ኤርትራ: ብመሰረት ኣዋጅ ነጋሪት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ: ንባጀትን ፊስካላዊ ባጀትን ዝምልከት ክልተ ኣዋጃት ኣውጺኡ ኢዩ ዝሰርሓሉ ነይሩ::

ዳን-ኮኔል:- ዋላ'ኳ እዚ ህልው ኩነታት ኣገዳስነት እንተሃለዎ: ንድሕሪት ናብ ታሪኽ ሰልፊ ክምለስ: ክልቲኡ ዘለዎ ዝምድና ርዱእ እኳ እንተኾነ: ነዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት ንምርዳእ ነቲ ታሪኽ ክፈልጥ እደሊ?

ኣየናይ ህልዊ ኩነታት ኢዩ ኣገዳስነት ዘለዎ? ኣብ ኤርትራ ኹሉ ኩነታት ኣገዳስነት ኣለዎ:: ምኽንያቱ ኣብ ኤርትራውያን ግዜ ብገንዘብ ዘይኮነስ ብደም ኢዩ ዝልካዕ:: እዚ ኸኣ ኤርትራዊ ክብሪ ኢዩ:: ዳን-ኮኔል ብዛዕባ ምንባር ሰልፊ እንታይ ኢዩ ክፈልጥ ደልዩ? ልዒሉ ከም ዝተገልጸ ጴጥሮስ ሰሎሞን ካብ ኩናት ወደብ ባጽዕ 1977 ምሉእ ሓበሬታ ይህቦ ከም ዝነበረ ጠቒሱልና ኣሎ:: ሕጂ እንታይ ሓድሽ ክሰምዕ ይደሊ ስለ ዘሎ ኢዩ? ዶስ ብጉልባብ እዚ ምስጢራዊ ሰልፊ ዝበሃል ዘሎ መመልከቲቶ የእዳው: ናብ ሉሉያት ሰባት ክውርወራ ስለ ዝተደልያ ኢዩ?

ኣብ 70 ታት ኣብ ህዝባዊ ግምባር ብ'ሽም'ዚ ድዩ ዝስራሕ ነይሩ? ሽዑ ባጀት ነይርኩምዶ? ንገንዘብ

ብዝምልከት መን ይቆጻጸሮ ነይሩ? ክፍልታት ነይረናኹም ነቲ ግምባር ዝመርሕ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት 'ውን ነይርኩም: ብዛዕባ ገንዘብ ዝምልከት ተዘራሪብኩም ትፈልጡ ዶ?

ብርሃነ:- እወ:: ኣብ 70 ታት ጸብጻብ ክንገብረሉ እንኽእል ፍሉጥ ናይ ገንዘብ ምንጪ ኣይነበረን:: ካብ ህዝባውያን ማሕበራት: ሓደ-ሓደ ግዜ እውን ካብ ዘይመንግስታውያን ማሕበራትን መንግስታትን ገንዘብ ይእከብ ነይሩ:: እንተወሓደ ኣብ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ዝነበረና ነቲ ዝእከብ ዝነበረ ገንዘብ ንፈልጦ ነይርና:: ኣብ ምንታይ መዓላ ከም ዝወዓለ እውን ንፈልጦ ነይርና:: እዝን-እትን ዝኣክል ገንዘብ ኣብ ከም'ዚ ክፍልታት ውዒሉ:: እዝን-እዝን ንመግዝኢ ኣጽዋር ውዒሉ ዝብል ንፈልጥ ነይርና:: ምምይያጥ ስለ ዝነበረ ንፈልጥ ነይርና::

ጴጥሮስ:- ከም ዝመስለኒ እዚ ኣብ መጀመርያ ጠጠው ከም ዝብለ'ዩ: ምናልባት ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ነገራት ኣብ 83 እንተበዝሐ ድማ ኣብ 84 ነይሮም::

ብርሃነ:- ምናልባት ክሳብ 85-86 ነይሩ::

ጴጥሮስ ሰሎሞንን ብርሃነ ገረዝጊሄርን ኣብ'ዛ ነጥቢ እዚኣ: ብምሒር ዓሎቕ መልሓሶም ባዕሎም ብዝፈነዉዎ ቓላት ዝተለብለቡ ይመስሉ:: ምኽንያቱ ባዕላቶም ነቲ ዝሰርሕሉ ዝነበሩ ኣገባብ ቃልሲ ኢዮም ዘነውርዎ ዘለው:: ብመጀመርያ ብቐዳምነት ድሕሪ 1ይ ውድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግምባር ካብ ዘተኣታተዎ ሓድሽ ውደባ እንተነይሩ: ነቲ ናይ ተዋጋኢ ሰራዊት ሓይሊ ካብ እዚ ቦጦሎኒ ናብ ብርጌድ ከሰጋግሮ እንከሎ: ኣብ'ቲ ኻልእ ክፋል ምሕደራ ኸኣ ሓደ ክፍሊ ቑጠባ ዝብሃል ዓቢ ክፋል ናይ'ቲ ውድብ ዘቕመ ትካል: ብሓደ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ከም ዝምራሕ ገይሩ ዝመደበ:: እዚ ክፍሊ እዚ ኸኣ: ኣብ ትሕቲኡ ዝተፈላለያ ብጨናፍር ዝጽውዓ ዝተፈላለያ ኣካላት ነይረንኦ:: ንምዝኽኻር ዝኣክል:- 1.መጓዓዝያ 2.ሕርሻ 3.ወትሃደራዊ ዕጥቅን ስንቕን 4.ኢደ ስርሓት 5.ንግዲ 6.ህንጻ 7.ክፍሊ ገንዘብ (ፋይናንስ) ዝበሃላ ኣብ ትሕቲ ክፍሊ ቁጠባ ዝመሓደራ ጨናፍር ነይረንኦ:: እቲ ንባጀት ዝምልከት ናይ'ቲ ውድብ ኣሰራርሓ ኸኣ በዚ ክፍሊ ገንዘብ (ፋይናንስ) ዝበሃል ጨንፈር ይስራሕን ይኽለስን ነይሩ:: ካብ'ታ ዝደቐቐት ሳንቲም ክሳብ'ቲ ዝለዓለ ጥርዚ ገንዘብ ማለት:- ከም'ቲ ካብ መርፍእ ክሳብ መድፍዕ ዝዓይነቱ ቁጽጽርን መደብን ውጥንን ይወጸሉን ይካየደሉን ነይሩ ጥራይ ዘይኮነ: ሓደ ክፍሊ ቁጽጽር (ኦዲት) ዝብሃል 'ውን ነይሩዎ ኢዩ:: ስለ'ዚ ጴጥሮስ ሰሎሞንን ብርሃነ ገረዝጊሄርን ነዚ ገዚፍ ኣሃዱ ናበይ ኢዮም ክቕብርዎ ደልዮም ዘለዉ?

ጴጥሮስ:- ድሕሪ'ዚ ዋላ'ውን ኣብ ኣኼባታት ነዚ ብዝምልከት ዝፍለጥ ኣይነበረን:: ኣብ'ቲ እዋን ገንዘብ ነይሩ:: ምንጬ ካበይ ም'ኳኑ ዘይፍለጥ: ንመዐደጊ ኣጽዋር ዝውዕል ብዙሕ ገንዘብ ነይሩ::

ኣብ ህዝባዊ ግምባር: ኣታዊ ይኹን ወጻኢ ዝኸውን ናይ ገንዘብን ንብረትን: ኣመጻጽኣኡን ኣወጻጽኣኡን ብዝርዝርን ብደቂቕን ጸብጻብ ይግበር ነይሩ ኢዩ:: ኣብ ድምጺ ሓፋሽ ወፈያ ሓንቲ እንቋቑሖን: ክሳብ ሚልዮናት ዶላርን ይንገረሉን ይምዝገብን: ቁጽጽር ይካየደሉን ነይሩ ኢዩ:: ንምንታይ ሽፈጥ ኢዩ ሕጂ ብኣሉታ ዝዝረበሉ ዘሎ? ንተዓዘብ::

ዳን-ኮኔል:- ኣብ ክፍላ 80 ታት ድዩ ነይሩ?

ብርሃነ:- ብውሕዱ ኣብ 84ን 85ን::

ጴጥሮስ:- ኣብ መወዳእታ 80 ታት:: ስለ''ዚ ከም ዝመስለኒ እዚ ዓይነት ባህሊ ብሓደ ለይቲ ዝበቖለ ኣይኮነን:: ቀስ ኢሉ ድማ ኣብ 90 ታት ደው ኢሉ::

ዳን-ኮኔል:- ኣብ 80 ታት ገንዘብ ካበይ ይመጽእን? ኣብ ምንታይ ይውዕልን? ዝፈልጥ መን ነይሩ? ኢሰያስ ጥራይ?

ዳን-ኮኔል ዕላማ መልእኽቱ ስለያኡ ንምትግባርን: ነቲ ኣውራ ርእሲ ናይ'ቲ ግምባርን መንግስትን ክሃርም ስለ ዝደለየ ኢዩ: ኣርጊጹ ነቲ ዘይለ ናይ ተሓታትነት ሕቶ: ናብ ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ንምድርባይ ዘቕርባ ዘሎ: እስከ ምላሽ ጴጥሮስ ሰሎሞን ንከታተል:-.....

ጴጥሮስ:- ግርም እቲ ወፈያ ፍሉጥ ነይሩ:: እቲ ሓገዝ ፍሉጥ ነይሩ:: እዚ ኢዩ::....

”እቲ ወፈያ ፍሉጥ:: እቲ ሓገዝ ፍሉጥ::” ካብ ነበረ:: ናበይ ወጺኡ ናበይ መዓላ ውዒሉ ’ዉን ዘይፍለጠሉ ኣሰራርሓ ኣይነበረን:: ንምንታይ ኢዩ ነዛ ነጥቢ እዚኣ ምኽሓድ ዝድለ ዘሎ? ነስተብህለሉ:-.......

መሓመድ ስዒድ ባረሀ



ዳን-ኮኔል:- ኣብ'ቲ 11 ወይ 12 ኣባላት ዘለዉዎ ማእከላይ ሸማግለ ናይ'ቲ ሰልፊ ኸ?

ብርሃነ:- ከምኡ ይመስለኒ::

ዳን-ኮኔል:- ብጀካ መሓመድ ስዒድ ባረሀ: ኣባላት ማእከላይ ሸማግለን ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈትን ሓደ ድዮም ነይሮም?

ኤርመያስ ደበሳይ (ፓፓዮ)



ጀነራል ዑቕበ ኣብርሃ



ኣብዚ ነጥቢ እዚ ዳን-ኮኔል ኩላትኩም ነጻ ኢኹም ነይርኩም:: ነዚ ናይ ገንዘብ እትዋትን ቁጽጽርን ካባኻትኩም ብቐረባ ዝቖጻጸሮ ዝነበረ ስዉእ መሓመድ ስዒድ ባረሀ ኢዩ ነይሩ ኢዩ ክብሎም ደልዩ ዘሎ:: ንምንታይ ነቲ ብቐረባ ኣብ እትዋት ገንዘብ ዓቢ ግደ ዝነበሮ ኤርመያስ ደበሳይ (ፓፓዮ) ዘይጠቐሶ:: ድሮ ኣብ ቀይዲ ኣትዩ ስለ ዝነበረ እሞ እቲ ካልእ ምስጢር ከይገማዳሕ ስለ ዝተደልየ ዝተደልየ ድዩ? ስዉእ መሓመድ ስዒድ ባረሀ ነቲ ብመንገዲ በዓል ጴጥሮስ ሰሎሞን ዝተወደበ ምንቅስቓስ ጉጅለ 15 ስለ ዘይተቐበሎ ንምንጻሉ ዝካየድ ዝነበረ ኃስጓስ ዶ ኾን ይኸውን? ስለምንታይ ክሳብ 1979 ነቲ ናይ ቁጠባ ሓላፊ ዝነበረ መስፍን ሓጎስን: ደሓር ’ውን ኣብ ጽባሕ ነጻነት ብዑቕበ ኣብርሃ ዝተመርሐ ትካል: ነቲ ቁጽጽር ተሓታትነት ገዘንብ ናብዞም ሰባት ዘየውደቕዎ: ምስጢር ናይ'ቲ እከይ ውዲት ዕላማ ዘሎ ገመድ መሸንቆቛ ናበይ ገጹ ክኸይድ ኢዩ? ኩነታት ንከተሎ ጥራይ>>>>>>>

መስፍን ሓጎስ



ብርሃነ:- ካብ 1987 ዘሎ ካልኣይ ናይ ስልጣን ግዜ: ማእከላይ ሸማግለ ናይ'ቲ ሰልፍን: ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ናይቲ ግምባርን: ን4 ወይ ን5 መዓልታት ብሓደ ይእከቡ ነይሮም:: ክልቲኦም ኣካላት ሓደ ኢዮም ነይሮም::

ብሓደ ዝእከቡን ዝሰርሑን እንተነይሮም: ተሓታትነቶም ኣብ ጽቡቑን ኣብ ሕመቑን ንምንታይ ብማዕረ ዘይረኣዩዎ በዓል ብርሃነ?

ዳን-ኮኔል:- መሓመድ ስዒድ ባርሀ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኣይነበረን ዲዩ?

ብርሃነ:- እወ ድሕሪ 87 ኣባል ማእከላይ ሸማግለ ናይ'ቲ ሰልፊ ኮይኑ ኣይተመርጸን::

ዳን-ኮኔል:- ኣባል ማእከላይ ሸማግለ ኮይኑ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ዘይነበረ ሰብ ኣሎ ዲዩ?

ብርሃነ:- እወ ኣነ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ኮይነ: ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ግን ኣይነበርኩን::

ጴጥሮስ:- ካልኦት ’ውን ነይሮም::

ብርሃነ:- ሃይለ (ቻይና): ተኽላይ ሃብተስላሴን ሳልሕ ሕሩይን: ኣብ 1987 ቁጽሪ ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ናብ 9 ወሪዱ::

ዳን-ኮኔል:- ስለ’ዚ 8 ካብዚኦም ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ነይሮም:: ከም’ውን መሓመድ ስዒድ ባርህ ኣባል ሰልፊ ኮይኑ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ኣይነበረን::

ዳን-ኮኔል:- ስለምንታይ ኢዩ ናብ መሓመድ ስዒድ ባረህ ዝጸቅጥ ዘሎ? ነቲ ጥምረት ናይ’ቲ መሪሕነት ንምክፍፋልን: ኣብ ውሽጢ እቲ ስሙር ኣመራርሓ ነቓዕ ንምፍጣርን ኢዩ ዝጽዕር ዘሎ?

ትማሊ ሽሪፎ:- ”ነቲ ሰልፊ ንምፍራስ ውሳነ ኣይተበጽሐን:: ኣብ ኣፍዓበት ኣኼባ ብምክያድ ንጥፈታት ናይ ዋህዮታት ንምድስካል ግን ዝርርብ ተገይሩ: እንተኾነ ማእከላይ ሽማግለ ናይ’ቲ ሰልፊ ብዘይ ሰልፊ ኣኼባ ቀጺሉ: ብመሰረቱ ልክዕ ከም ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት: ማእከላይ ሽማግለ ስጋብ 94 ቀጺሉ: ደሓር ነቲ ሰልፊ ንምዕጻው ኢሰያስ በይናዊ ስጉምቲ ወሲዱ” ኢሉኒ:: እዚ ሓቅነት ኣለዎ ዶ? ወይስ ካልእ እተፈልየ ተዘክሮ ኣለኩም?

ጴጥሮስ:- እወ ብጭቡጥ ነቲ ሰልፊ ንኽብቅዕ ኣይወሰናን:: ኣብ’ቲ እዋን ዝነበረ ባህርይ ናይ’ቲ ጸገም ተመያይጥና: ሓደ ካብኡ ብዙሓት ካብ ነዊሕ ኣባላት ናይ’ቲ ግምባር ዝኾኑ ሰባት: ኣባላት ናይ’ቲ ሰልፊ ስለ ዘይነበሩ: ኣባላት ክንገብሮም እውን ጸገም ስለ ዘይነበረ: እቲ ሰልፊ ትርጉም ስኢኑ:: ምኽንያቱ ኣባል ሰልፊ ንምዃን እቲ መምዘኒ ኣብ ንጹር ጸጋማዊ ኣተሓሳስባ እተሞርኮሰ ብምንባሩ ኢዩ::

**ማሕሙድ ሽሪፎ**



ልዒሉ ማሕሙድ ሽሪፎ: ብዘይ ዝኾነ ኣኼባን ምምይያጥን ኢሰያስ ኣፈወርቂ ብናይ ባዕሉ በይንኣዊ ውሳኔ: ንምዕጻው ናይ’ቲ ሰልፊ ስጉምቲ ወሲዱ ኢሉና:: ጴጥሮስ ብወገኑ ህላዌ ናይ’ቲ ሰልፊ ንኽብቅዕ ኳ ኣብ ሓደ ውሳኔ እንተዘይበጻሕና: ብዙሓት ናይ’ቲ ግምባር ዝኾኑ ሰባት: ካብ ነዊሕ እዋን ኣባላት ናይ’ቲ ሰልፊ ስለ ዘይነበሩ: እቲ ህላዌ ሰልፊ ትርጉም ስለ ዘይነበሮ ትርጉም ስኢኑ ነይሩ ማለት እንታይ ማለት ኢዩ? እቲ ሰልፊ ኣብ ግብራዊ ስራሕ ዘይነበረ: ዘይተቐብረ ሬሳ ካብ ኮነ: ኣቐዲሙ ባዕሉ ብተግባር ንዝሞተ ሰልፊ: ኢሰያስ ኣፈወርቂ ብናይ በይኑ ዉሳኔ ከም ዘደስከሎ ጌርካ ምቕራብ: ንምንታይ ንምብጻሕ ስለ ዝተደልየ ኢዩ ከምዚ ዓይነት ኣገላልጻ ዝወሃቦ ዘሎ? ከምኡ እንተኾይኑ ኸኣ: ኢሰያስ ኣፈወርቂ ብናይ ውልቁ ውሳኔ ዘደስከሎን ዘፍልሖን ሰልፊ ካብ ኮነ: ተራ ናይቶም ኣብ’ቲ ሰልፊ ኤርና ዝብሉና ዘለዉ ሓለፍቲ: ከም በዓል ማሕሙድ ሽሪፎ: ጴጥሮስ ሰሎሞን: ብርሃነ ገረዝጊሄር ተራ እንታይ ኢዩ ነይሩ? ሱቕ ኢሎም ይጉተቱ ነይሮም ማለት ድዩ? ንምንታይ ሕጂ ብሕን ይዛረቡ ኣለዉ? ክምለስ ዘለዎ ጉዳይ ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ: ንምንታይ ኣብ’ዚ ተኣፋፊ እዋን: ምስ ሓደ ናይ ምዕራብ ጋዜጤኛን: ኣባል ማእከላይ ወኪል ስለያ ኣሜሪካን (ማወስ) ብምኻን: ነዚ ምስጢር ዝብልዎ ይንስንስዎ ኣለዉ?

ዳን-ኮኔል:- እዚ ንጹር ጸጋማዊ ኣተሓሳስባ ዝብል: ክሳብ መወዳእታ 80 ታት ነይሩ ዶ?

ጴጥሮስ:- እቲ መምዘኒ ኣብኡ ተጻሒፉ ነይሩ:: ገለ ሰብ ደሞክራስያዊ ተባሂሉ ይምደብ:: ኣብ’ቲ

ደሞክራሲ ዝብሃል ሰለስተ ደረጃታት ኣሎ:: ደሞክራስያዊ "ሀ" "ለ"ን "ሐ"ን ኣብ ትሕቲ'ዚ ሃገራዊ ዝብሃል ነይሩ:: ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ዝብል ከኣ...... ዘይሃገራዊ ስጋብ ዝብል ይኸይድ::

ብርሃነ:- ዘይንጡፍ:-

ብፍጹም ሓሶት! ኣብ'ቲ ዝነበረ መምዘኒ ሃገራዊ ወይ ዘይሃገራዊ ዝብል ኣይነበረን:: እቲ ዝነበረ መምዘኒ ከም'ዚ ዝስዕብ ኢዩ:- 1.ኣባል 2. ተሳታፊ 3. ውፉይ ዝብል ኢዩ ነይሩ:: በዚ መምዘኒ እዚ መሰረት ብምግባር ከኣ: ናይ ሓላፍነት ምዕዳልን: ናብ ቤት ትምህርቲ ካድር ምልኣኽን: ኣባልነት ሰልፊ ምሕጻይን ይስርሓሉ ነይሩ:: እዚ ኣሰራርሓ እዚ ኸኣ ባዕሎም እዞም ሕጂ ዝነቕፍዎ ዘለዉ ኣባላት ተጋደልትን መሪሕነት ግምባርን ሰልፍን ብኣንጻር ገይሮም ከቕርብዎ ምፍታኖም: ነቲ ዘካይድዎ ዝነበሩ ቓልሲ ብጉጤት ገይርካ ምጉራፍ ኢዩ ዝምሰል::

ጴጥሮስ:- ከምኡ ዝኣመሰሉ ነገራት ስለ ዝኾነ: ነቲ ሰብ ስጋብ'ቲ ደረጃ'ቲ ትከታተሎ: ሃገራዊ እንተ ድኣ ኢልካ ህዝባዊ ግምባር ኢዩ ማለት ኢዩ:: ገለ ስራሕ ትሰርሕ ደሓር ነቲ ሰብ ቀዳማይ ደረጃ: ካልኣይ ደረጃ ደሞክራስያዊ ይኸውን:: ኣባል ናይ'ቲ ሰልፊ ይኸውን:: ከምኡ ዝኣመሰለ ነገር ነይሩ:: ናይ'ቲ ግምባርን ሰልፍን ፖለቲካ: ኣብ ሓደ እዋን ክፍለ ዘይከኣል ኮይኑ ስለ እተቐልቐለ: እቲ ሰልፊ ትርጉም ዘይብሉ ኮይኑ::

ምስ ግዜ ዘየሳርሕ ኣብ ዝኾነሉ እዋን: እቲ ሰልፊ ትርጉም ዘይብሉ ኮይኑ ንምባል: በቲ ዝካየድ ዝነበረ ተወፋይነትን ዝኽፈል ዝነበረ መስዋእትን: ዕዘት ኣመራርሓ ዝፈጠሮ ስልጡን ኣካይዳ: ነቲ ናይ ሰልፊ ግደ ስለ ዝቐተሎ: ሰልፊ ባህላዊ ኮይኑ ቂሂሙ ተሪፉ::

ኣብ ኩሉ ነገር ሃገራውነት ንደፍእ ነይርና:: ኣብ ታሪኽና ዘለዉ ጀጋኑ እንዳልዓልና ብናይ ፖለቲካዊ ጽሑፋትናን መጻሕፍትናን: ሃገራውነት ንፈጥርን ንድርኽን ነይርና:: ብዛዕባ ለኒን ምዝራብ ኣቛሪጽና:: ድሩዕ: ብዛዕባ ሰገነይቲ: ብዛዕባ እቶም ኩሎም ኣንጻር ኢጣልያ እተዋግኡ ሓርበኛታት ይዛረብ ነይሩ::

**ሃይለ ወልደትንሳኤ (ድሩዕ)**



ህዝባዊ ግምባር ሓደ ምእኩል ናይ ኣሰራርሓ ትልሚ ኢዩ ዝኽተል ነይሩ:: ድሕሪ 2ይ ውዳባዊ ጉባኤ ኩሉ እቲ ንናይ ወጻኢ ሃገራት ዝምልከት ተሞኩሮ ሰውራታት ከም ዘለዎ እንከሎ: ዝያዳ ነቲ ቀንዲ ሃገራዊ ክብርታትና ከዕዝዝ ዝኽእል: ንታሪኽን ጅግንነትን ምትእስሳር ታሪኽ ቃልስና ብዘነጽር መንገዲ ክኽለስ ስለ ዝነበሮ: ከም'ቲ ኣብ 1985 ሓደ ናይ ቤት ፍርዲ ኣካል ብምቛም: ድሕሪ ነጻነት ከሳርሖ ዝኽእል ሕግታት ኣብ ምንዳፍ ዝሰርሕ ዝነበረ: ነቲ ናይ ፖለቲካ ትምህርትን ታሪኽን ብዝምልከት ከኣ: ሓደ ናይ ምርምር ኣካል ብምቛም: ሓደሽቲ መጻሕፍቲ:- ከም ታሪኽ ሰውራ ኤርትራን ምዕባሌታቱን: ተራ መንእሰያት ኣብ ቃልሲ: ታሪኽ ቃልሲ ወለዶታት ኤርትራ: ዝብል ዝተፈላለየ መጻሕፍቲ ብምሕታም ኣስተምህሮ ይህብ ነይሩ:: ኣብ'ዚ ኸኣ ንኹሎም ጀጋኑ ኤርትራውያን ብማዕረ ዝትረኽሎም ዝነበረ ውድብ: ሕጂ ጴጥሮስ ሰሎሞን: ሃይለ ወልደትንሳኤ (ድሩዕ) ብዛዕባ ሰገነይቲ ይዛረብ ነይሩ ማለት እንታይ ማለት ኢዩ? ሃይለ ወልደትንሳኤ (ድሩዕ) ዓዱ ኣብ ኣውራጃ ኣከለ ጉዛይ ስለ ዝኾነ: ብዛዕባ ኣውራጅኡ ጥራይ የስተምህር ነይሩ ድዩ ክብለና ዝደሊ ዘሎ? በዚ መሰረት ከኣ ሃይለ ወልደትንሳኤ (ድሩዕ) ኣውራጃዊ ኢዩ ነይሩ ኢዩ ዝበሃለና ዘሎ ማለት ኢዩ:: ከም'ዚ እንተኾይኑ 'ሞ: እዞም ጉጅለ 15 ተባሂሎም ዝጥቀሱ ዘለዉ ባእታታት: ሕዱር ውሽጣዊ ሕማሞም ቀሪጽዎም እምበር: ናይ ብሓቂ ንሃገር ዝጠቕም ክእረም ዘለዎ ጌጋታት ስለ ዝረኸቡ: ነዚ ንምእራም ኢሎም ከኣ ይቑወሙ ከም ዘይነበሩ ኢዩ ዘነጽረልና ዘሎ:: ካብ'ቲ ኣበሃህላኦም ኣውራጃ ማእከል ዝገበረ: ምኽንያቱ ባዕሎም ብቓሎም: ሃይለ ወልደትንሳኤ (ድሩዕ) ናይ ከባቢ ዓዱ ሰገነይቲ ጥራይ ምምሃር ጀሚሩ ክብሉ እንከለዉ: ኣውራጃዊ ኮይኑ ኢዮም ዝብሉና ዘለዉ: ባዕልና ዘይኮነ ባዕሎም ኣባላት ጉጅለ 15 ፈሪጆምዎ ኣለዉ::

ስለ’ዚ መራሕቲ ናይተን ዋህዮታት ናይ ውልቆም ሕነ ንምፍዳይ፡ ሽፈጥ ይፍጽሙ ነይሮም። ዋላ’’ውን ንገለ ሰባት ንፉዓት ተዋሳእቲ ክንሰም፡ ንዓመታት ኣባላት ናይ’ቲ ሰልፊ ከም ዘይኮኑ ይገበርዎም። ስለ ዝኾነ ነዚኦም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ንጡፋት ሰባት፡ ኣባላት ክኾኑ ክውስን ዘለዎ ናይ ዞባ ዋህዮ፡ ወይ ዞባዊ ኮሚቴ ዘይኮነስ፡ ማእከላይ ሽማግለ ክኸውን ከም ዘለዎ ኣብ መደምደምታ ተበጺሑ።

ስለ’ዚ ሃይለ ወልደትንሳኤ (ድሩዕ) ነቲ ዝነበሮ ስልጣን ተጠቒሙ፡ መፍደዩ ሕነ ናይ ዝነበሮ ጸገማት ይጥቀመሉ ነይሩ። ካልኦት ተመሳሳሊ ከም’ዚ ዓይነት ኣገባብ ይኽተሉ ስለ ዝነበሩ፡ እቲ ሰልፊ ትርጉም ኣይነበሮን ኢዮም ዝብሉና ዘለዉ። እሞ እቲ ሰልፊ ፋይድኡ ከም’ዚ ካብ ኮነ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ነዚ ሰልፊ እንተኣደስከሎ ኣብ ምንታይ ኢዩ ሓጥያቱ?

ስለ’ዚ እቲ ናይ ጸጋም ስነ ሓሳብ ጠፊሹ ምብራቕ ኤውሮጳ ተኣልዩ ማርክስነት ቅርጹ ምሉእ ብምሉእ ስለ ዝቐየረ፡ ከም ሞዴል ክውሰድ ዝከኣል ነገር ኣይነበረን። እቲ ስነ ሓሳብ ትርጉም ዘይብሉ ኮይኑ፡ እቲ ውድብ ንገዛእ ርእሱ ብዙሕ ጸገም ነይርዎ።

እቲ ውድብ ዘይኮነ ጸገም ነይርዎ? ገለ ካብቶም ኣብ መሪሕነት ተቐሚጥኩም ዝነበርኩም ኢኹም ነቲ ውድብ ጸገም ኮይንኩሞ ነይርኩም። እንተዘይ ኮይኑ እቲ ውድብ ጸገም እንተ ዝነበሮ ነይሩ፡ ናብ ነጻነት ’ውን ኣይምበጽሐን። እቲ ጸገም ባዕሉ ኣብ ዝብጻሕ ከይበጽሐ እንከለ ምወሓጠ ነይሩ።

ስለ ዝኾነ ነዚ ቃልሲ ክሳብ ሃገራዊ ናጽነት ከቐጽለና ናብ ዝኽእል ነገር ክንቅይሮ ኣለና ኢልና። ከም ዝመስለኒ ብዛዕባ ማሕበራዊ ፍትሒ ገለ ተመያይጥና፡ ማሕበራዊ ፍትሒ እንታይ ማለት ኢዩ? ክንገልጾን ከነጽንዖን ኣለና ኢልና ንዕኡ ንግበር ተበሃሂልና።

ይኹን ድኣ ’ምበር ስጋብ’ቲ እዋን ኣብ ታሕተዋይ ጽፍሒ ናይ’ቲ ሰልፊ ዝነበረ ምንቅስቓስ ትርጉም ኣይነበሮን። ከም ዝመስለኒ እቲ ዝወሰናዮ እዚ ኢዩ። ብዛዕባ እቲ እተኻየደ ክትዕ ዝዝክሮ እዚ ኢዩ። ብርሃነ፡ ክትእርመኒ ትኽእል ኢኻ።

ብርሃነ፡- ከም’ቲ ኣብ መጽናዕትኻ ዘቕረብካዮ፡ ኣነ እውን ከም ዝዝክሮ፡ ካብ መወዳእታ 75 ኣትሒዙ ሰልፊ መሪሕ ተራ ተጻዊቱ ኢዩ። ካብ ዋህዮታት ስጋብ ማእከላይ ሽማግለ ኣዝዩ እተወደበ ቅርጺ ነይርዎ። ጸገም ክፈጥር ዝኽእል ብዙሕ ኣባል ኣይነበሮን። ብጭቡጥ ኣባላቱ ኣብ ኩሉ መዳይ መሪሕ ተራ ነይርዎም። ምስ ግዜ ግን ኣባላቱ እናበዝሑ ስለ ዝኸዱ፡ ብፍላይ ምምልማል ኣባላት ጸገም ክፈጥር ጀሚሩ፡ ገለ ኣባላት ሰልፊ ዘይኮኑ፡ ካብ ኣባላት ሰልፊ ንላዕሊ ንጡፋት ነይሮም። ምስጢር ሰልፊ እውን ክሉሑኽ ጀሚሩ። ገለ ሰባት ህላወ ናይቲ ሰልፊ ብገለ መንገዲ ፈሊጦም።

ከም’ቲ ጴጥሮስ ዝበሎ ናይ ስነ-ሓሳብ (ኣይድዮሎጂ) ጸገም እውን ጀሚሩ፡ ሶቭየት ሕብረት ኣብ ኢትዮጵያ ምትእትታው እንዳገበረት ክንሳ ንድግፋ ነይርና። ይኹን ድኣ’ምበር ኣብ 1987 ኣብ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ፡ ድሕሪ ክትዕ ንሶቭየታውያን ኣወጊዝናዮም። ስለ ዝኾነ ከም’ቲ ዝበልካዮ ኣብ መወዳእታ 88 መጀመርያ 89፡ ኣብ ኣፍዓበት ተኣኪብና። ጉዳይ ሰልፊ ኣጸጋሚ ይኸውን ኣሎ ኢልና። ኣብ ንጥፈታቶም ኣባላትን ዘይኣባላትን ሰልፊ ንምፍላዮም ኣጸጋሚ ነይሩ፡ ኩሉ ሰብ ደሙ ይኸፍልን ይስዋእን ነይሩ።

ብሓቂ ኣብ መጀመርያ በቲ ቅኑዕ መንገዲ ዝመርሕ እተወደበ ሓድነት ክህልወና ነይርዎ። ኩሉ ደሙ ይኸፍል ስለ ዘሎ፡ ኣባልን ዘይኣባልን ንምምማይ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ነይሩ። ስለ ዝኾነ ናይ ሰልፊ ንጥፈታት ብምድስካል፡ ኣብ መጻኢ ነዚ ጸገም ብኸመይ ክንፈትሖ ከም እንኽእል ከነጽንዖ ነይሩና። ስለ’ዚ ድሕሪ 89 ኣብ ኣኼባ ኣፍዓበት ውሳነ ማእከላይ ሽማግለ እዚ ኢዩ ነይሩ።

**ደሙ ዝኸስከሰ ሓርበኛ**



ብርግጽ ደሙ ይኸፍልን ይስዋእን ነይሩ:: ሓያልነት ናይ'ቲ ውድብ ካብ እተረጋገጸ: ደረተ ትርኢት ናይ ዓወት ምላእ ብራቕ ጸሓይ ካብ ተገምገመት: ሰልፊ ኣብቂዑ ምባሉ ኣሰያስ ኣፈወርቂ እንታይዩ ኣበስኡ? ምስ'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገብረ ኣገላልጻ ብርሃነ: ምስ'ዛ ሕጂ ዝገልጻ ዘሎ ሓረግ ኣይትሳነን ኢያ ጥራይ ዘይኮነ: ትዋቓዕ 'ውን ኢያ:: "ኣብ ኣኼባ ናይ ኣፍዓበት ሰልፊ ክድስክል ሓባራዊ ውሳኔ" ካብ ነበረ: ንምንታይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ብበይንኣዊ ውሳኔ ኣደስኪሉዎ ተባሂሉ? ናይ ኣነ ርእሲ ኹሉ ጠባይ ክወሃቦ ተደልዩ? ክትበልዓ ዝደለኻ ኣባጉምባሕ ዛግራ ትብላ ኢዩ ዘሎ እቲ ነገር:-.....

ድሕሪ 89-90 ነዚ ኣመልኪትና ኣኼባ ኣካይድና:: ድሕሪ ነጻነት ከምኡ ቀጺሉ:: ድሕሪ ናጽነት ሽዑ ንሽዑ ማለት:- 90-91 ናይ ሰልፊ ይኹን ናይ ኣባላት ኣኼባ ኣይተኻየደን:: ዋላ 'ኳ ሰባት "ንምንታይ ዘይንእከብን ዘይንዘራረብን" እንተበሉ: ነቲ ጸገም ብኸመይ ንፈትሖ ምይይጥ ኣይተገብረን:: ደሓር "ኣኼባታት ጸገም ኣይፈትሕን ኢዩ:: እዚ ኣንፈት ምጥፋእ ኢዩ:: ምስ"ቲ ገጢሙና ዘሎ ጸገም ዘተኣሳስር የብሉን::" ተባሂሉ::

እወ ሓቂ:: ካብ ጉይይ ምውዓል ክሳድ ምሓዝ:: ኣብ'ዚ ምስ ዳን-ኮኔል እተካይድዎ ዘለኹም ቃለ መሕትት 'ውን እኮ: ኣንፈትኩም ስለ ዝጠፍኣኩም ኢኹም ለለ እትብሉ ዘለኹም እምበር: ነቲ ካብ ነዊሕ እዋን ዝኣከብኩሞን ዝጠኻእኩሞን ሕማም: ኣብ ኣኼባ ምስ መሳርሕትኹም ብጾትኩም እንተትደግሕዎ ኔርኩም: ካብ'ቲ ዘጋጠመኩም ኣንፈት ምጥፋእ ምደሓንኩም: ብሶላኹም ከኣ ካብ'ዚ ሕጂ እንኸዶ ዘለና ሓዲድ ኣይመድልሃጸትኩምን ነይራ:: ካብ ምስ ሓደ ዘይምልከቶ ናይ ምዕራብ ጋዜጤኛ ምልፍላፍ: ውሻጣዊ ጉዳይካ ናብ ዘይምልከቶ ጎናዊ ሓይሊ ምዝራው: ባብ ቤትካ ባዕልኻ ከተርሕዎን ክትዓጽዎን ዘምሕር ነይሩ::

ዳን-ኮኔል:- ሓንሳብ! ሓንሳብ! መን ኢዩ ከምኡ ዝበለ?

ብርሃነ:- እቲ ፕረሲደንት:: ምኽንያቱ ኣብ ሰልፊ ጥራይ ዘይኮነ: ኣብ'ቲ ግምባር ኣብ ዝግበር ዝነበረ ኣኼባታት ተመሳሳሊ ሕቶ ይለዓል ነይሩ::

ኢሰያስ ጽቡቕ ኣሎ:: ኣኼባታት ኣይኮነን ንሽግራት ዝፈትሕ:: ውጺኢት ናይ'ቲ ኣኼባ ምቕባልን ዘይምቕባልን ኢዩ ነቲ ሽግራት ዝፈትሕ:: ኣኼባ ንሽግራት ዝፈትሕ እንተዝነብር: ምስ ዳን-ኮኔል 'ውን እኮ ዕጹው ኣኼባ ኢኹም ኣካይድኩም ዘለኹም: ግን መፍትሒ ኣይኮነን ትምህዙ ዘለኹም: መፍትሒ ኩሉ ግዜ: ምቕባል ናይ'ቲ ልባዊ ውጺኢት ኣኼባን: ምቕያድ ሕግን-ሕጋጋቱን ኢዩ:: በዚ ተቐይድኩም ዶ ኣይተቐየድኩምን:: ሓደ መርኣያ ዘይምቕያድኩም: ምስ ዳን-ኮኔል እትገብርዎ ዘለኹም ዘይሕጋዊ ምስጢራዊ ምልልስን ምግምዳሕ ዘረባን ኢዩ::

ዳን-ኮኔል:- ኢሰያስ "ኣኼባ ጸገም ኣይፈትሕን" ይብል ነይሩ!!! ብኽብረትካ ድገመለይ?

ብርሃነ:_ እወ ኣኼባ ጸገም ኣይፈትሕን ይብል ነይሩ:: ድሕሪ ነጻነት ካብ ዘጋጠመና ብዙሓት ኣባላት ሕቶ የቕርቡ ነይሮም:: ኣብ ገለ ኣጋታሚታት ኢሰያስ "ኣኼባ ስለ ዘየካየድና ኣይኮነን እቲ ምኽንያት: ኣብ ኩላትና ምጥፋእ ኣንፈት ስለ ዘሎ ኢዩ" ኢሉ::

ራኢ ዘለዎ መራሒ ኢዱ ናብ ካልኦት ቅድሚ ምቕሳሩ: ናብ ነብሱ ኢዩ ዝቕስራ:: ብርሃነ ነቲ ኹሉ ጉድለት ናብ ኢሰያስ ክድርብዮ ክደሊ እንከሎ: ኢሰያስ ከኣ እንተላይ ንነብሱ ኣብቲ ሽግር ከቲቱ ኢዩ ኣኼባ ብምክያድና ኣይኮነን: እቲ ሽግር ዝፍታሕ: መፍትሒ ሓሳባት ብምቕራብናን: ብእኡ ብምቕያድናን ጥራይ ኢዩ: እቲ ዘለና ሽግር ዝፍታሕ:: ስለ'ዚ ጸገምና ኩላትና ነስምረላ: ኣብዚኣ ኩላትና ኣንፈትና ስለ ዘጥፋእና ኢዩ እቲ ጸገም ኢሉ ኢሰያስ:: ንሕና ኽኣ ኣገናዕ!!!

ንብሎ።

ስለ ዝኾነ ንሰልፊ ብዝምልከት: ነቲ ጸገም ብኸመይ ንፈትሖ ኣይተዛረብናን። ኣብ ሳልሳይ ጉባኤ ከምዝን ከምትን ነይሩ ኢልና ክንዘራረብ ምኽኣልና ነይርና። ነቲ ሰልፊ ነፍርሶ ኣለና። ወይ ካልእ ኣማራጺ እንተድኣ ነይሩ ክንካታዓሉ ንኽእል ነይርና። ኣባላት ሰልፊ ናብ ዘይኮኑ ክንብትኖን: ምሰኦም ክንመያየጥን ምኽኣልና: ይኹን ድኣ ምበር ኣይተዘራረብናሉን።

ናብ ሓደ ኣብ'ቲ ቓልሲ እጃም ዘይብሉ ናይ ምዕራብ ጋዜጤኛን: ማእከል ወኪል ስለያ ኣሜሪካ (ማወስ) ዝኾነ ዳን-ኮኔል: ካብ ተዘርወን ካብ ተብተነን: ነቲ መስዋእቲ ዝኽፍል ዘሎ ተጋዳላይ: ነቲ ኣሎ እትብልዎ ክስተት ብኣገባብ ምሕባሩ እንታይ ጸገም ምፈጠረ: ዝኾነ ጸገም እምበይምተፈጥረን: እቲ ሽግር ሕልሚ ናይ'ቲ ሕዱር ምንባር ኣብ ስልጣን ኢዩ ኣብዚ ኣብጺሕኩም።

ዳን-ኮኔል:- ክትመያየጡ ኩልኩል ድዩ ነይሩ?

መን በለ?

ብርሃነ:- ኣይፋሉን ኩልኩል ኣይነበረን። ብርግጽ ድሕሪ ናጽነት ሽዑ ንሽዑ ኣንፈት ኣጥፊእና።

ልዒሉ ጴጥሮስ ይኹን ብርሃነ ዝገለጽዎ ኢሰያስ "ምጥፋእ ኣንፈት" ኢዩ ኢሉና ኢሎም። እንተኾነ ዳን-ኮኔል ክትመያየጡ "ኩልኩል ድዩ ነይሩ?" ኢሉ ኣብ ዝሓተተሎም እዋን: "ኣይፋል ኩልኩል ኣይነበረን።" "እቲ ጸገም ድሕሪ ናጽነት: ሽዑ ንሽዑ ኣንፈትና ስለ ዘጥፋእና ኢዩ" እቲ ጸገም ተከሲቱ ይብሉና ኣለዉ፡; ኣብ'ዚ ተሓታትነት ናይ'ዚ ኣንፈት ምጥፋእ መን ኢዩ ዝስከሞ? እቲ ነቲ ኹነት ክፈትሕ ዘይበቅዐ ኣካል ዶ? ዋላ ነቲ ኣንፈት ምጥፋእ ምህላዉ ተገንዚቡ መፍትሒ ዝቐረበ ኣካል? ክድህሰስ ዘለዎ ጉዳይ ኢዩ ነይሩ። ጸገማት ናይ ኣንፈትካ ምጥፋእ ተለልዮም ከኣ: መፍትሕቲ ዝተባህሉ ነጥብታት ቀሪቦም ኢዮም። እቲ ሓደ ሸነኽ ኣብ'ዚ ዝዛረብ ዘሎ ወገን ግን ንጹር ንምኻን: እዚ ብሕቡእ ቃለ መሕትት ዝገብር ዘሎ ጉጅለ ግን: ነቲ ኩነታት ክቕበሎ ኣይደለየን። በቲ መፍትሒታት ክቕየድ 'ውን ኣይመረጸን። እዚ ኢዩ እቲ ካብ'ቲ ጠንቂ ዝተወልደ ሳዕቤን።

ዳን-ኮኔል:- ድሕሪ ኩናት ምብቅዑ ዝነበራ ሰለስተ ዓመታት ኣገዳስነት ነይርወን። ምኽንያቱ ኣብ'ቲ ፖለቲካዊ ባህሊ ናይ'ቲ ቃልሲ ምብትታን ነይሩ። ምስ ተበራበርኩም ብሃንደበት ብመልክዕ ፕረሲደንታዊ ቅርጺ እቲ ፖለቲካዊ ስልጣን: ኣብ ሓደ ቤት ጽሕፈት ተጠቒሊሉ ጸኒሕኩም።

**ዑስማን ሳልሕ ሳበ**



ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ህዝባዊ ግምባር: ዝኾነ ናይ ምብትታን ተርእዮ ኣይተራእየን: እትርፎ እቲ ናይ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ምፍላይ። ስለ'ዚ ኣየናይ ኢዩ ካብ ቃልሲ ህዝባዊ ግምባር ተበቲኑ: ተፈልዩ ዝበሃል ዘሎ? ኣተሓሳስባታት ክፈላለዩ ይኽእሉ ኢዮም። ህዝባዊ ግምባር ከኣ ከም መጠን ግምባር: ንኹሉ ጸይሩን ኣሳቲፉን ዝኸይድ ዝነበረ ግምባር ኢዩ። ድሕሪ 2 ይን ሓድነታውን ጉባኤ: ኣብ ህዝባዊ ግምባር ምኽትል ዋና ጸሓፊ ዝብሃል ኣይነበረን። ብዋና ጸሓፊ ጥራይ ኢዩ ዝምራሕ ነይሩ። እዚ መዋቕር እዚ ኸኣ: እቲ ጉባኤ ብዝተዋህቦ ሓላፍነት ዘተኣታተዎ ኣሰራርሓ ኢዩ። ኣብ ፈለማ ዕለተ ምልኣተ ነጻነት ግምቦት 24 1991 ኸኣ: ኤርትራ ሓንቲ ነጻ ሃገር ምኻና ብወግዒ ተኣዊጁ። ሃገር እትኣክል ክሳብ ዝተቖጻጸርና ኸኣ: ሓላፍነት ናይ'ቲ ሃገር ምምጻእን: ሃገር ምዕቃብን ሓላፍነት ኣብ ኢድ ህዝባዊ ግምባር ክወድቕ ግዴታ ኢዩ ነይሩ። ሃገር ክሳብ ዝተቖጻጸርና ኸኣ: ንሃገር ዝበቅዕ ግዝያዊ ኣመራርሓ ክትግበር ግድነታዊ ኢዩ ነይሩ። ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ ብኣዋጅ ነጋሪት ጋዜጣ

ሓዳስ ኤርትራ መሰረት: ምቛም ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራን: ህላዌ ምሕደራ ግዝያዊ ፕረዚደንትትን: ምቛም ሚኒስትርታትን: ኣብያተ ጽሕፈትን በዓል መዝን ዝቖመ:: ኣብ'ዚ ኣየናይ ኢዩ? እቲ ጌና ዳን-ኮኔል ከም ዝሓቶ ዘሎ: ካብ በረኻ ምስ መጻእኩም እቲ ስልጣን ኣብ ሓደ ፕረዚደንታዊ ቅርጺ ተባሒቱ ጸኒሕኩም ዝብሎ ዘሎ? ኢሰያስ ይኹን ጴጥሮስ ዋላ ብርሃነ: ብሓፈሻ ጉጅለ 15 ብሓደ እንዶ ኣይኮኑን ነዛ ሃገር ኣትዮማ? ዶ ኢሰያስ ነቲ ስልጣን ንኽደልድል በይኑ ሞሊቑ ኣብ ኣስመራ ኢዩ ጸኒሑዎም? ነቲ ስልጣን ምስ ኣደልደለ ኢዮም ኣርኪቦሞ! ዋላ ዋላ እዚ ኣዘራርባ ካበይ? ናበይ? ኢዩ ዝኸይድ ዘሎ ነባቢ ባዕልኻ ኣስተብህለሉ::

ብርሃነ:- ንሱ ኢዩ እቲ ጸገም::

ኣየነይ ጸገም? እቲ ብሓባር ምእትውኩም ዶ? ዋላ ብሓባር መንግስታዊ ቅርጺ ምስራሕኩም? ኣየናይ ኢዩ እቲ ጸገም ዝብለና ዘሎ ብርሃነ? ቅድሚ ኢሰያስ እኮ ብርሃነን ጴጥሮስን ብሓፈሻ እዞም ጉጅለ 15 ዝበሃሉ ዘለዉ ኢዮም ኣስመራ ረጊጾማ:: መን ኢዩ ነቲ ስልጣን ኣደልዲልዎ ጸኒሕኩም? ዶስ ጌና ኢሰያስ ኣብ ሳሕል እንከሎ ነቲ መካኒዝም ሰሪሕዎ ኢዩ መጺኡ ኢኹም እትብሉና ዘለኹም? ከምኡ እንተኾይኑ': ንስኹም ኢሰያስ ክሳብ ክንድዚ ዝኸይድ ዘይተማእከለ ስራሕ ክሰርሕ እንከሎ: ኣበይ ኔይርኩም? በዚ ኣበሃህላኹም ኢሰያስ ዘይኮነ ጸገም ነይሩ: ንስኹም ኢኹም ነቲ ክውንነት መንደዓት ኮይንኩሞ ነይርኩም::

ጴጥሮስ:- "ኣንፈት ኣጥፊእና" ዝብል ኣገላልጻ ብወገነይ ኣይቅበሎን:: ምኽንያቱ እቲ ሕቶ መን ኣንፈት ኣጥፊኡ? ኣንፈት ምጥፋእ ከ እንትይ ማለት ኢዩ? ከም'ቲ ዝበልካዮ እዚ ሓፈሻዊ ኣገላልጻ ኢዩ::

ባዕልኺ መምጺኢት ደርፊ: ባዕልኺ መጥፊኢት ደርፊ:: ኣንፈት ከም ዘጥፋእኩም: ወይ ኢሰያስ ኣንፈትና ኣጥፊእና ኣለና ከም ዝበለኩም ክትገልጹ ጸኒሕኩም:: ሕጂ: መን? እንታይ? ከመይ? ዝብሉ ሕቶታት ብምድርዳር: ካብ'ቲ ዝበልኩሞ ናይ ተሓታትነት ገመድ ነጻ ኣይገብረኩምን ኢዩ::

ከም ዝመስለኒ: ኢሰያስ ከምኡ ዝበለ ካልእ ኣማራጺ ሒዙ ክመጽእ ስለ ዝደለየ ኢዩ:: ምኽንያቱ ኣብ ግዜ ናጽነት ዝነበረ ክውንነት ክቕበሎ ኣይደለየን:: ድሕሪ ናጽነት ሽዑ ንሽዑ ተጋደልቲ ቁሩብ ገንዘብ ክወሃቦም ጠለብ ኣቕሪቦም:: ስዒቡ ንስድራ ቤቶም ዝወሃብ ናይ ገንዘብ ጠለብ ኣቕሪቦም:: ቀጺሎም ናይ ክዳንን ካልእን ጠለባት ኣቕሪቦም:: እዞም ኩሎም ጠለባት ንኢሰያስ ርእሱ ኣዚሮምሉ:: ስለ ዝኾነ ነዚ ጠለባት "ኣንፈትካ ምጥፋእ" ኣብ ክንዲ እዛ ሃገር እንታይ የድልያ: ኣብ ውልቃዊ ጠለባት ምትኳርን: ቀልጢፍካ ክትህብትም ምድላይን ኢልዎ::

"ኢሰያስ ነቲ ክውንነት ናይ ነጻነት ክቕበሎ ስለ ዘይደለየ: በቶም ተጋደልቲ ዝቐርቡ ዝነበሩ ሕቶታት ርእሱ ኣዚሮምሉ::" ዋእ ኤርትራ እኮ ሽባሾ ናይ እንዳ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣይነበረትን:: ተጋደልቲ ኸኣ ጤለ በጊዕ ናይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣይነበሩን:: ኢሰያስ ነቲ ኩነታት ኣቐዲሙ ስለ ዝተቐበሎ: እቲ መሪሕነት 'ውን ስለ ዝረዓመሉ ኢዩ: ቅድሚ ነጻነት ኣትሒዙ ጉዳይ ምእዋጅ ነጻነትን: ጉዳይ ምክያድ ረፈረንዶምን: ኣብ ክንዲ ክልተ ገመድ ከም ሓደ ዘይበታተኽ ገመድ ተራእዩ ተዘትይሉ ስለ ዝነበረ ኢዩ: ናብ ህጹጽ ግብራዊ ኣዋጅ ዝተሰግረ:: ጠለባት ሕቶ ተጋደልቲ ኸኣ ብሰንሰለታዊ ስሪዒታዊ መንገዲ: ብመንገዲ እዞም ሕጂ ቃለ መሕትት እትገብሩ ዘለኹም ሰበ-ስልጣናት ኢዩ ናብ ኢሰያስ ዝበጽሕ ነይሩ 'ምበር: ናብ ኢሰያስ ከይዱ ሕቶ ዘቕረበ ሰብ ኣይነበረን:: ነፍስ ወከፍ ሓላፊ ኸኣ ንዝቐርበሉ ዝነበረ ሕቶ: ምስናይ መፍትሒ ሓሳባቱ ኢዩ ጸብጻቡ ናብ ላዕለዋይ ኣካል ዘሕልፍ ነይሩ:: እዚ ኢዩ እቲ ብልሙድ ክንሰርሓሉ ዝጸናሕና ኣካይዳ:: ሕጂ እንታይ ስለ ዝተደልየ ኢዩ እቲ ሕቶታትን: ግብራዊ መልስታቱን ናብ ሓደ ሰብ ዝድርበ ዘሎ? መግለጺ ኹሉ ኣባል መሪሕነት: መንግስቲ ኤርትራ ጥርሑ ካዝና ኢዩ ተረኪቡ እንዶ ይብሃል ኣይነበረን:: መግለጺ መሪሕነት እዚ ካብ ነበረ: ነቲ ሽግር ንምፍታሕ ናይ ሽዑ ግዝያዊ ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ: ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ናብ ዓለማዊ ባንክን: ናብ ኣህጉራዊ

ማዕከን ገንዘብን ዘቕረቦ ናይ ልቓሕን ሓገዝን መደባት: ቅድሚ ኤርትራ ሉኡላዊት ሃገር ምዃና ዝምለሸ ዘይምንባሩ: ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ ነይሩ:: ዋላ ድሕሪ ምእዋጅ ሉኡላውነት 'ውን: እቲ ዘጋጠመ ጸገማት ኣብ ነፍስ ወከፍ ጣውላ ኣባል መሪሕነት ተዘርጊሑ ዝነበረ ወረቓቕቲ ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ:: ስለ'ዚ ነዚ እንዳረኣኻ ከም ዘይረኣኻ ምምሳል: ኪኖ ኣንፈትካ ምጥፋእ ካልእ እንታይ ምላሽ ክወሃቦ ይከኣል:: ናይ ፕረዚደንት ኢሰያስ ካልኣት ኣባላት መሪሕነት ምላሽ ከኣ: ከምቲ ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም ዝበሎ: "እዛ ሃገር እንታይ ትገብረልና ዘይኮነ: ነዛ ሃገር ጌና እንታይ ንግበረላ" ኢዩ ዘሻቕሎም ነይሩ:: ምኽንያቱ እታ ሃገር ባዶ ኢዩ ነይሩ ካዝናኣ: ነዚ እንዳረኣኻ ናብ ሃብትን ፈንጠዝያን ምምዕዳው: ኪኖ ኣንፈትካ ምጥፋእ ካልእ መልሲ ዝርከቦ ኣይነበረን::

ሰባት ኣብ ውልቃዊ ጠለባቶም ምትኳሮም: ምጥፋእ ኣንፈት ክብል ትርጉም ሂብዎ:: ንሱ ኣብ ክንዲ "ብቐዳምነት ሃገረይ!!!": መጀመርያ ናይ ውልቀይ ረብሓ ዝብል ይመጽእ ከም ዘሎ ገይሩ ተርጊምዎ:: ስለ'ዚ እዚ ቓል ንቓሉ ክትርጎም እንከሎ: "እዚ ምግባር ጌጋ ኢዩ: ምኽንያቱ ነዚ ወጻኢታት ክንሽፍኖ ኣይንኽእልን ኢና" ኢዩ ዝብል ዘሎ::

ብልክዕ እቲ ፕረዚደንት ቅኑዕ ኣሎ:: ነዚ ሕማም ብኸም'ዚ ዝተባህለ "ብቐዳምነት ንሃገረይ!!!" ተርጊሙ ክሰርሓሉ እንተመዲቡ ጌጋ ኣይነበሮን ጥራይ ዘይኮነ: ክውንነታውያን ክንከውን ምእንቲ: ነቲ ሽግር ዝፈትሕ ኣብ ኢድ መንግስቲ ዝተታሕዘ ማል 'ውን ኣይነበረን:: ኣብ'ቲ ፈታኒ ውጡር ግዜ: ካበይ ከ ይምጻእ? እስከ ኣብ'ዚ ቃለ መሕትትኩም እቲ መፍትሒ ናይ'ቲ ክውንነት ድኣ ዘይተቕርቡ ዝነበርኩም::

ስለ'ዚ ንዓይ ከም ዝመስለኒ ሰባት ኣንፈት ኣየጥፍኡን: ድሕሪ ነጻነት ሰባት ናብራኦም ከመሓይሹ እንተሓተቱ ባህርያዊ ኢዩ:: ከም ኣንፈትካ ምጥፋእ ገይርና እንተዘይንርእዮ ነይርና: ኣብ ክንዲ ብዓይኒ ስነ-ሓሳብ ከም ቅቡል ገይርና እንተተንወስዶን: ኣብ'ቲ እዋን ናይ ተጋደልቲ ይኹን: ናይ'ቲ ህዝቢ ድልየት ክንምልስ ምኸኣልና::

ኣብ ሕሉፍ ክትስዕስዕ ጥዑም ኣይኮነን:: ናብራኻ ንምምሕያሽ ክትሓትት እኮ: ነቲ ንናብራ ዘመሓይሽ ትሕዝቶ: ወይ ቀረብ ኣብ ኢድካ ክህልወካ ኣለዎ:: ሕቶ ንስለ ሕቶ ስለ ዝሓተትካ: ኣብ ኢድካ ግን ጓንጓ: ባዶ ትሕዝቶ ስለ ዝኾንካ: ሕቶ ጥራይ ስለ ዝተቐበልካ ሽግራት ፈቲሕካ ኣለኻ ማለት ኣይኮነን:: ትሕዝቶኻ ባዶ ምዃኑ እንዳ ፈለጥካ: ሕቶ ንስለ ሕቶ እንተሓተትካ: እትፍትዶ ነገር ክሳብ ዘይሃለወ: ሃውተታ! ወይ ሃለውሳ ኢኻ እትፈጥር ዘለኻ:: ነዚ ኢዩ ኸኣ ኣንፈትካ ምጥፋእ ዝብል ቅኑዕ መግለጺ ተዋሂቡዎ:: ሓደ እግሩ ጥራይ ዝውንን ሰብ: መኪና ናይ ምዕዳግ ኣይኮነን: መኪና ከሳፍሮ ዝኽእል ሳንቲም 'ውን ዘይውንን ሰብ: ብድኻም ስለ ዝተሰነፈ: መኪና ክትህልወኒ ነይሩዋ ኢሉ እንተሓመመ: ካብ ምህውታቱ ሓሊፉ ዝፍይዶ ጉዳይ የለን:: ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ ንኸምዚ ዓይነት ህውተታ ዝበጽሖ ሰብ: ኣንፈትካ ኣጥፊእክ ኣለኻ እትብሎ::

ነዚ 20 ግምቦት ክሳብ ንእከብ ኣይገበርናዮን:: ንጽባሒቱ ኣብ ጋዜጣታት ዝቐረበ መግለጺ ብምግጣሉ ነይሩ:: እወ እዞም ተጋደልቲ ሓቆም ኢዮም: ብዙሕ ጸገም ኣለዎም:: ኩሉ ነገር ንየኦም ክወሃብ ኣለዎ:: ሚኒስትሪ ምክልኻል ነብሱ ክኽእል ኣለዎ:: ንተጋደልቲ ቁሩብ ገንዘብ ክንህብ ኣለና ወዘተ ተባሂሉ::

ኣይፋል! ቅድሚ 20 ግምቦት 'ምበር ኣኼባ ተኻይዱ ነይሩ:: መጀመርያ ድሕሪ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግምባር ሃንደበታዊ ሕማም ሓሚሙ ዝተባህለሉ: ማእከላይ ሽማግለ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ግምባር ህጹጽ ኣኼባ ኣብ እምባትካላ ኣካይዱ ነይሩ ኢዩ:: ብዘይካ እዚ 'ውን ነቲ ንጉዳይ ደሞዝ ተጋደልትን: ብሓፈሻ ንጉዳይ ስልጣን ህዝባዊ ግምባርን: ምእታው ናብ ባይቶን ኣመልኪቱ ኣኼባ ኣካይዱስ: ነቲ ዝወሰኖ ውሳኔ 'ዉን ናብ ተጋደልቲ ብመልክዕ ቪድዮ ከም ዝዝርጋሕ ተገይሩ:: ኣብ ምዝርግሑ ኸኣ: ኩለን ጽላት ናይ'ቲ ግምባር እጃመን ገይረን::

እቲ በይንኣዊ ስጉምቲ ከም ዝተወሰደ ገይርካ ዝግለጽ መግለጺ: ኣየናይ ኢዩ? ኣይተነጸረን::

ጽቡቕ እዚ ኣንፈት ምጥፋእ ዝብል ቅንዕና ዘለዎ ኣገላልጻ ኣይኮነን:: ምኽንያቱ ናብ 94 ናብ ተመሳሳሊ ሓሳባት ምስ ተመለስና: ኢሰያስ "ንምንታይ ንሸይጥ?" ኢሉ:: እዞም ኩሎም ነገራት ከም ኣንፈትካ ምጥፋእ ተወሲዶም:: ስለ'ዚ ብርሃነ ኣበሃህላይ እንተተረዲኡካ: ኣነ ክብል ዝፍትን ዘለኹ...

ሓጎስ ገብረህይወት



ሜ.ጀ.ኣማንኤል ሃይለ (ሃንጀማ)



እንታይ ኮይኑ ኢዩ ቅንዕና ዘይህልዎ: ኣብ 94 እንተተመለስና 'ውን: ድሮ ግምባር 3ይ ውድባዊ ጉባኤ ኣካይዱ ስለ ዝነበረ: መንግስትን ግምባርን ከኣ ኣብ ካዝናኦም ዝኾነ ኣለና ዝብልዎ ትሕዝቶ ገንዘብ ስለ ዘይነበሮም: መንግስትን ግምባር ከም ሓደ ኣማራጺ: ነቲ ኣብ ኢዶም ዝነበረ ካብ ኣጽዋር ናይ ጸላኢ ዝተሰልበ ዝወጸ ቅልሃታትን: እኽብካብ ሓጺን መጺንን ማለት:- ብዓይነት ክግለጽ እንከሎ: ጽሩይ ሓጺንን: ብሮንዞን: ነሓስን ካብ ግምባራት ተኣኪቡ ክሸየጥ እሞ: ካብ ሽያጡ ዝርከብ እቶት መሰረት ብምግባር ከኣ: ነቲ ዘጋጥም ዝነበረ ግዝያዊ ሽግራት ንኽፈትሕ ተባሂሉ: ካብ ሚኒስትሪ ምክልኻል: ስዉእ ኣማኒኤል ሃይለ (ሃንጀማ) ካብ ህዝባዊ ግምባር ደሞክራስን ፍትሕን ኣቶ ሓጎስ ገብሪህይወት ከም ሓላፍነት ሒዘሞ ይሰረሓሉ ነይሩ:: ከም'ዚ ጌይርካ ተዓጻጺፌ ዝኾነ ሜላ ምውሳድ: ኣበሩ ኣብ ምንታይ ኢዩ? ኣብ እዋኑ ኢሰያስ "ንምንታይ ንሸይጥ" እትብል ቃል ተቐንጪላ ክትሽረፍ ዘይኮነት ዘለዋ: እዛ ቓል እዚኣ "ንምንታይ ንሸይጥ" ኣለና: ዕላማና ብሩህ ኢዩ:: ካብ ናይ ካልኦት ማዕጸኦን ዝረገጣልና ኣህጉራውያን ትካላት: ሕቶና ንዘይ ምድናን: ንሸይጥ ከም ዘለና ንምብራህ ዝዓለመ ኢዩ ነይሩ:: ነዚ ኸኣ ኣብ እዋኑ ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣቶ ሓጎስ ገብሪህይወት: ልዕሊ ሰቡ ሰሪሕሉ ነይሩ ኢዩ:: ንምርግጋጽ ከኣ ሰነዳት ናይ 1994-1996 ዝነበረ ኩነታት ምግንጻሉ እኹል መርትዖ ይመስለና::

ብርሃነ:- ኣይፋለይን ነቲ "ኣንፈት ምጥፋእ" ዝብል ከም ቅቡል ንምውሳድ ኣይኮንኩን: ካብ 91 ክሳብ 93 ማለት:- ክሳብ 20 ግምቦት ኣኼባ ኣየካየድናን ኢየ ዝበልኩ::

ካብ 91 ክሳብ 93: ካብ'ቲ ልምድ ወጻኢ ማእከላይ ሽማግለ 5 ግዜ ተጋቢኡ ኢዩ:: ኣብ'ቲ መለስቲ ናይ'ዚ ሕቶ ዝጠልብዎ ዘለዉ ጉዳይ ምላሽ ዘውህብ ኣኼባ: ውዒሉ ዶ ኣይወዓለን: እቲ ዛዕባ ዝውስኖ ኢዩ:: እንተ እቲ ኣኼባ ግን: ብግቡእ ተኻይዱ ነይሩ ኢዩ::

ዳን-ኮኔል:- 20 ግምቦት እቲ ናይ መጀመርያ ናይ ማእከላይ ሽማግለ ኣኼባ ዝተኻየደሉ ድዩ?

ብርሃነ:- ኣይፋሉን: 20 ግምቦት ተጋደልቲ ዕግርግር ዝገበርሉ ኢዩ::

ሽዑ ንሽዑ ክልተ ሰለስተ ወርሒ ድሕሪ ነጻነት: ከም'ቲ ጴጥሮስ ዝበሎ ተጋደልቲ ንስድረኦምን ንነብሶምን ድራር እሎት ይጠልቡ ነይሮም:: ምንም ነገር ስለ ዘይነበሮም: ናይ ጁባ ገንዘብ: ዋላ 'ውን ንሻሂ ከይተረፈ ይሓቱ ነይሮም::

ኣብ'ዚ ክበርህ ዘለዎ: ብርሃነ ይኹን ጴጥሮስ ከ: ከም ተጋደልቲ: ካብ ናይ ተጋደልቲ ሓለፉ ዝያዳ ገንዘብ ስለ ዝነበሮም ድዮም እቲ ሕቶ ከም ኩሉ ተጋዳላይ ንነብሶም ሓዊሶም ዘይርእይዎ ዘለዉ? ወይስ ድሮ ነጻነት ስለ ዝመጸ: ንነብሶም ካብ'ቲ መስርሕ ምግዳል ኣውጺኦም ኢዮም ዝዛረቡ ዘለዉ? ተጋዳላይ ንድራር እሎቱ ዝኸዉን ካብ ውድብ ይረክብ ነይሩ ኢዩ:: ናይ ጁባ ይኹን ንስድራ ቤት ዝኸውን ሓገዛት ግን ብልክዕ እቲ ሕቶ ጠለብ ተጋደልቲ: ልዕሊ ናይ'ቲ ሓድሽ መንግስቲ ዓቕሚ ብምንባሩ: ክፍታሕ ኣይተኻእለን:: እቲ ጸገም መን ኢዩ ክስከሞ? እቲ

ምላሽ ምጽማም ጥራይ ኢዩ መድሃኒቱ ነይሩ:: ነዚኣ ግን ብርሃነ ይኹን ጴጥሮስ ዝቐበልዋን: ዝረዓሙላን ኣይመስሉን::

ርኹባት ስድራ ቤት: ወይ በዚ ይኹን በቲ: ኣብ ኣስመራን ካልእ ከተማታትን ብምስራሕ: ገንዘብ ዝረኽብሉ ቦታ እንተዘይሃልይዎም: ተጋደልቲ ሓንቲ ኣይነበሮምን:: ስለ ዝኾነ ስድራ-ቤቶም ክበጽሑ ቁሩብ ገንዘብ ክወሃቦም ሓቲቶም:: እንተኾነ ነዚ መልሲ ኣይሃብናሉን:: ብዛዕባ 'ዚ ተራኺብና ኣይተዘራረብናን:: ካብ ፕረሲደንት ጀሚርካ ዘሎ መሪሕነት መልሲ ክህብ ሓላፍነት ነይርዎ::

ርኹባት ስድራ ቤት ዘለዎ: በቃ ርኹባት ስድራ ኣለዉዎ:: ክትቃጸጸ ኣይትኽእል ክትምንዝዮ ኣይትኽእል:: ግን ኣብ ከተማታት ሰሪሖም ዘእትውሉ ገንዘብ ኣይነበሮምን ክበሃል እንከሎ እንታይ ማለት ኢዩ? እዞም ተጋደልቲ እዚኣቶም ብኣሃዱታቶም ዝተቐየዱ: ብድስፒሊን ዝተሰርዑ እንዶ ኣይኮኑን:: ኣብ እዋኑ ፋሕ ስለ ዘይበሉ ድዩ ሕጂ ከም ጌጋ ኮይኑ ዝዝረብ ዘሎ:: ወይ ከኣ ነጻነት ስለ ዝመጸ: ነቲ ናይ ነጻነት ዘምጽአ ክውንነት ነባሪ መጨበጢ ምዕራፍ ከይተገብረሉ: ከም'ዚ ወያነ ንተጋደልቶም ዝገበሩዎ: ብሓደ ረፍዲ ክፍደሱ ኢዩ ዝድለ ነይሩ:: እንታይ ኢዩ እቲ ሕማም ደሓር ዝጎስዕ ዘሎ ኣብዚ ሕቶን መልስን?

ድሕሪኡ ቀስ እንዳበለ እቲ ጸገም ክውህለል ጀሚሩ:: ሰለስተ ዓመት መመላእታ ዝገበርናዮ ኣይነበረን:: ናይ ሰልፊ ኣኼባ ኣይገበርናን:: ምናልባት ብዛዕባ ገለ ጉዳያት ንምዝርራብ ናይ ማእከላይ ሽማግለ ኣኼባ ገይርና ነይርና:: እንተኾነ ብጭቡጥ ብዛዕባ ቁጠባን ካልእ ጠለባት ተጋደልትን ኣይተዘራረብናን::

ግርም እንቋዕ ቅድሚ ዕስራ ግምቦት ኣኼባታት ይግበር ምንባሩ 'ሞ ተኣመንኩም:: ብጭቡጥ ብዛዕባ ቁጠባ ክዝረብ እኮ: ነቲ ናይ ቁጠባ መስርሕ ዝቐይስ ናይ ገንዘብ ሕትመት ኣብ ኢድና ክወድቕ ነይሩዎ:: ኣብ እዋኑ መንግስቲ ብናይ መግዛእቲ ባጤራን: ምስ'ቲ ናይ ኢትዮጵያ ብዘይገራጮ ሓኒቑ ብዝሕዘና ቁጠባዊ ፊሲካላዊ ፕሮግራም ኢና ንጓዓዝ ነይርና:: እቲ ቐንዲ ኤርትራ ናይ ባዕላ ባጤራ ናቕፋ ንኽትሓትምን ክትውንን ዝደረኸ መሰረታዊ ነጥቢ እኮ: ካብ ናይ ጽግዕተኛነት ናይ ቁጠባ ፖሊሲ ንኽንወጽእን: ብናትና ፖሊስታት መርሓ ቁጠባዊ ስትራተጂና ከነቕድምን ስለ ዝተደልየ ኢዩ:: ስለ'ዚ ጠለብ ተጋደልትን ህዝብን ክፍታሕ: ኤርትራ ናተይ እትብሎ ናይ ባዕላ እትውንኖ ሕትመት ባጤራ ክህልዋ ነይርዎ:: ነዚ ኸኣ ተግቢራቶ:: ብወያነ እንታይ ምላሽ ተዋሂብዎ ኸኣ ኩናት 98 ህያው ምስክር ኢዩ:: ንኹሉ ብዝላ ክንከዶ ዝሓሰብና መደብ ዓንቂጽዎ:: ኪኖ እዚ ኸ ካልእ ሓቂ ኣሎ ድዩ? እዞም ሰባት እንታይ ኢዮም ክብሉና ዝደልዩ ዘለዉ?

እዚ ጥራይ ኣይኮነን: ኣብ ወግዓውያን ኣኼባታት ይኹን ካልእ: እቲ ፕረሲደንት እዞም ሕቶታት "ኣንፈትካ ምጥፋእ" ምኽኖም ከመኽንየሎም ይፍትን ነይሩ:: ንነብሱ ወሲኹ "ድሕሪ ነጻነት' ኣብ ምጽምባል በዓላት ስለ ዘለና ኩላትና በብዝጥዕመና ንኸይድ ኣለና" ኢሉ::

## ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም



ፕረሲደንት ኣይተጋገየን: ኩላ በብዝጥዕማ ትኺድ ድኣ 'ምበር: ዝበዝሓ ትካላት እቲ ዝከኣለን ናይ ኣፈታትሓ ነገራት ምሕደራ የጻፊፋ ነይረን ኢየን:: እቲ ኣብ እዋኑ ዝዓበየ ብድሆ ዝነበረ: ናይ ህዝቢ ምምሕዳር ኢዩ:: ነዚ ናይ ህዝቢ ምምሕዳር ብብቕዓት ዝፈትሕን ነቲ ጉዳያት ተረዲኡ ኣንፈት ዘትሕዝን ሰብ የድሊ ስለ ዝነበረ ኸኣ: ፕረዚደንት እታ ቐዳመይቲ ዝወሰዳ ስጉምቲ ነቲ ኣብ እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ዝለዓለ ስልጣን ዝነበሮ: ነቲ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣቡኡ እንከሎ ክትክኦ ዝግባእ ዝነበረ ሓለቓ ስታፍ ስሪሒታት ዝነበረ ስብሓት ኤፍሬም ከንቲባ ከተማ ኣስመራ ገይሩ ሸይምዎ:: ነቲ ኣብ እዋኑ ኣብ ህዝቢ ዝነበረ ጸገማት ድሕሪ ምፍትሑ ከኣ: ነቲ ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ዘጋጠመ ናይ ሚዛን ምስትኽኻል ማለት:

ኣብ ትዮሪ ተማሂሮም ሰርትፍኬትን ባጀላን ጠቕሊሎም ሒዞም ዝነበሩ: ኣብ ሓራ መሬት ዝጸንሑና ዶክተራት ነርሳትን ተሓጋገዝቶምን: ምስቶም ካብ ሜዳ ዝመጹ ተጋደልቲ: ገሊኦም ወረቐት ከይሓዙ ነቲ ናይ ዶክተረይት ትምህርቶም ዝዛዘሙ: ገለን ከኣ ልዕሊ እቶም ብናይ ወረቐት ምስክርነት ዶክተራት ዝተሰየሙ ብግብራዊ ስራሕ ዝበልጽዎም: ልዑል ክእለት ዘለዎም ሓካይምን ኣጋራ ሓካይም ከመይ ገይርካ ተወሃሃዶም: ብማዕረ እቲ ሚኒስትሪ ጥዕና ረጊኡ ክሰርሕ ከም ዘለዎ ናይ ምግባር ሜላን ውጥንን ይሓትት ስለ ዝነበረ ኸኣ: ደጊሙ እቲ ፕረዚደንት ነቲ ብሸምዚ ምኩርን ኪኢላን ዝበሎ ሰብ ብግዝያውነት ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ጥዕና መዚዙ ንስብሓት ኤፍሬም ኮፍ ኣቢሉዎ:: እዚ ሽግር ናይ ሚኒስትሪ ጥዕና ምስ ተፈትሐ ኸኣ: ናይ ደሞዝ ምስትኽኻል ይኹን ናይ ማዕርግ ሕቶ ዝያዳ ኣብ'ታ ሃገር ሽግር ክፈጥር ስለ ዝኽእል: ነዚ ንምስትኽኻል ደጊሙ ናይ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሚኒስተር ንኸኸውን ንጀነራል ስብሓት ኤፍሬም መዚዝዎ:: ሽግር ናይ ሚኒስትሪ ምክልኻል ብኹሉ መዳያቱ ተፈጢሑ ጥራይ ዘይኮነ: ቀዋሚ ንጹር ኣሰራርሓኡ ድሕሪ ምንጻር ከኣ: ወያነ ንኹናት ናይ 98 ሃንደበታዊ ወራር ገይሩ ክኸፍተልና እንከሎ: ነቲ እንኸዶ ዝነበርና ገስጋስ ንምቕጻይ ኢዩ ነይሩ ዕላምኡ:: እዚ ዕላማ እዚ ኸኣ ዕላማ ወያነ ዘይኮነ: ዕላማ ናይቶም ዝለኣኽዎ ጎይቶት ባሮት ኢዩ ነይሩ:: ኤርትራን መሪሕነታን ከኣ ባሮት ንዘይምኳን ንዘለዎም መርገጽ ከነጽሩ ግዴታ ስለ ዝነበረ: መኪተሞ ስዒረሞ ኸኣ: ብኹናት ገጢሞም ስዒሮም: ብሕጊ መጊቶም ረቲዖም:: ስለ'ዚ ኣንፈት ናይ ገለ ሰባት ጠፊኡ ነይሩ ክኸውን ይኽእል ኢዩ: ኣንፈት ናይ'ቲ ብግቡእ ዝመርሕን: ዝምራሕን ዝነበረ ኣካላትን ትካላትን መንግስቲ ግን ኣብ ቦትኡ ገጥ ኢሉ ዘሎ::

**ሚኒስተር ኣረፋይነ ኣብርሀ** **ጀነራል ፊሊጶስ ወ.ዮውሃንስ**





መርኣያ ናይዚ ኸኣ: እቲ ዝተሰግረን ዝስገር ዘሎ ተጻብኦታት ኣብ ቦትኡ ኣቐሚጥና: ምስ'ዚ ኹሉ እገዳን ሽርሒ ናይ ዲፕሎማስን: እልቢ ዘይብሎም ውዲታትን: ቁጠባ ኤርትራ ኣበይ በጺሑ ኣሎ? ከምቲ ዝተሓልመሉ ኣይተረኽመሸን:: እዚ ምስ'ቲ ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ምምልማልን ዝካየድ ዘሎ ናይ ህንጸት ልምዓትን: ንምርግጋጽ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝውሰድ ዘሎ ስጉምትታትን ኣብ ግምት ምስ እተእቱ: እቲ ዕማም ኣዝዩ ከቢድ: እቲ ጉዕዞ ሕልኽላኽ: እቲ ውጺኢቱ ግን ኣብ ሎሚ ኾይኑ ንናይ ጽባሕ ነባሪ ድምቀት ዝህብ ዕዮ ምኳኑ ኢዩ ዘነጽር:: ሓይሊ ሚኒስትሪ ምክልኻልን ድንፋዔ ውጺኢት ቁጠባዊ ሕውየትን: ሒዝናዮ ዘለና ዑቑር ሃብታዊ ድሪኺት ብመግቢ ነብስና ንምኽኣል ንዝወጸ ስትራተጂ: ዝተጋናጸፍናዮ ድሙቕ ዓወታትን: ህያው ምላሽ ሚኒስትርታት ጸዓትን ማዕድንን ሕርሻን እኹል ኣብነት ኢዮም,ጥራይ ዘይኮነ: ምሕደራ ቁጠባዊ ትልሚ ህዝባዊ ግምባር ደሞክራስን ፍትሕን ሉሉይ ኣሰራርሓኡን ክውን ምስክርነትና ኢዮም::

እዚ ጥራይ ውን ኣይኮነን: ቅድሚ ናይ 20 ግምቦት ዕግርግር: 18 ግምቦት 1993 ናይ ማእከላይ ሽማግለ ኣኼባ ነይሩና:: ኣብ'ዚ ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ: ናይ ስልጣን ግዚኡ ናብ 4 ዓመት ብምንዋሕ: ኣባል ሃገራዊ ባይቶ ከም ዝኸውንን: ብተወሳኺ ንዝመጽእ ኣርባዕተ ዓመት ደሞዝ ከም ዘይህሉ ውሳነ ኣሕሊፉ:: ድሕሪ'ዚ መግለጺ ምውጽኡ ተጋደልቲ ዓመጽ ኣበጋጊሶም::

እዚ ውሳኔ እዚ: ውሳኔ ማእከላይ ሽማግለ እምበር: በይንኣዊ ውሳኔ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግምባር ኢሰይስ ኣፈወርቂ ኣይኮነን:: ንምኳኑ እቲ ማእኸላይ ሽማግለ ንስኻትኩም ስለ ዝነበርኩሞ: ነዚ ውሳኔ እዚ ከተሕልፉ እንከለኹም: ብዘይ ዝኾነ መጽናዕቲ ዲኹም የሕሊፍኩሞ? ብዘይ ዝኾነ መጽናዕቲ ሓሊፉ እንተዝኸውን ነይሩ: ስለምንታይ እቲ ውሳኔ: ከም ውሳኔ መሰረት ኣብ ግብሪ ዊዒሉ? ድሕሪ ናይ ተጋደልቲ ዕግርግር 'ውን: እዚ ውሳኔ እዚ ኣይተላዕለን: ኣይተቐየረን 'ውን:: ቅኑዕነት ናይ'ቲ መሪሕ ኣካል ከኣ ኣብ'ዚ ኢዩ ዝንጽረልካ:: ምኽንያቱ ብዝመጸ ናይ ውሽጥን ናይ ግዳምን ንፋስ ተላኺዑ: ካብ ሒዝዎ ዘሎ ሓዲድ ነቕ ዘይብል ምኳኑ ኢዩ ነዛ ሃገር ዘዐዉታ ዘሎ:: ንምኳኑ እዚ ናይ ተጋደልቲ ዕግርግር ዝበሃል ዘሎስ: ናይ ብሓቂ ብኢድ ተጋደልቲ ጥራይ ተበጊሱ ዝነበረ ዕግርግር ድዩስ: ዋላ ካልእ ሕቡእ ኢድ ነይሩዎ ኢዩ? ኣብ ካልእ

ኣጋጣሚ ብፍሉይ ኣርእስቲ ከነልዕሎ ኢና:: ግቡኦሽ ዝረኣናዮ ኣይተዛርበና!!!

ስለ'ዚ ናይ ጸገማት ምውህላል ነይሩ ስለ ዝኾነ: እቲ ግብረ መልሲ "ኣንፈት ምጥፋእ" ቀልጢፍካ ክትህብትም ምድላይ ዝብል ኮይኑ: ድሕሪ ነጻነት ኩሉ ተጋዳላይ ሃብታምን ልዕሊ ሰቡ ሕሉፍ ህንጥይነት ኣለዎ ተባሂሉ::

ኩሉ ተጋድላይ ኢልካ ሕብሪ ምልካይን: ነቲ ተጋዳላይ ኣሐፊሽካ ምስ'ቲ ማዕበል ከም ዝንቀሳቐስ ንምግባርን ዝተማህዘ ምላሽ እንተኾይኑ: ተጋጊኹም:: እቲ ሓቂ ንምዝራብ ግን: ጌና ኣብ ካብ 93 ክሳብ 97 ኣብ ላዕለዎት ሓለፍትን: ማእከሎት ካድረታት ተጋደልትን ናይ ጉቦን ብልሽውናን ተግባራት ይካየድ ኣይነበረን ድዩ? ኣብ ትካል ቀይሕ ባሕሪ 09 ዝተራእዩ ባህርያት ምስ ምንታይ ኢና ክንሰርዕም ዝድለ ዘሎ? መንግስቲ ዝኾነ በዓል ስልጣን ይኹን: ኣብ ስራሕ መንግስቲ ዘሎ ተጋዳላይ: ብስሙ ዝኾነ ናይ ንግዲ ትካል ከየውጽእ ኢሉ መምርሒ ኣውጺኡ እንከሎ: እልቢ ዘይብሎም ዘይሕጋዊ ትካላት ኣይወጹን ድዮም? ማእለያ ዘይብለን ሚኒባሳት ኣብ ባጽዕ ይኹን ዓሰብ ብስም ተጋደልቲ ዝሰርሓ ዘይሕጋዊ ፍቓድ ኣይተዋህባን ድየን? ኣብ ባርካ ብስም ተጋደልቲ ዘይሕጋዊ ናይ ሕርሻ ንግዲ ፍቓዳት ኣይተዓደለን ድዩ? እዚ ማለት ከኣ ኩሉ ተጋዳላይ ዝገብሮ ዝነበረ ኣይኮነን:: መን ድኣ? እቲ ነቲ ናይ ምምራሕ ባይታ ማዕጸኡ ቀሪባ ዝነበረ ሰብ 'ምበር: ሚኒስተራት ክንሶም ብመንገዲ የሕዋቶምን ኣንስቶምን: ዘይሕጋዊ ትካላት ኣየውጽኡን ድዮም? ብዛዕባ ናይ ትማሊ ዝተገብረ ኢና ንዛረብ ዘለና ይመስለኒ:: ኮይኑ ግን እቶም ቁንጣሮ ብስም ተጋደልቲ ዝሸቕጡ ዝነበሩ ብልሽዋት ሰባት ውሑዳት ኣብ ርእሲ ምዃኖም: ንኹሎም ተጋደልቲ ዝውክሉ ኣይነበሩን: እንተ እቲ ዝንቡዕ ብኣቐራጭ ክትህብትም ናይ ምድላይ ባህጊ ግን: ኣብ ውሑዳት በዚ ሕማም ዝተለኽፉ ባእታት ነይሩ እንድ'ዩ: ምናልባት ኳ ካብ'ዞም ሕጂ ዝዛረቡ ዘለዉ ሰባት ብቐረባ::

እዚ ግን ቅኑዕ መግለጺ ኣይነበረን:: እንተኾነ እቲ ፕረሲደንት ክህቦ ዝፍትን ዝነበረ መግለጺ እዚ ኢዩ::

ጴጥሮስ:- ህይወትካ ከተመሓይሽ ምፍታን ኣንፈትካ ምጥፋእ ተቐጺሩ::

ስልጣንካ ተጠቒምካ: ብስም ትካል: ብናይ መንግስቲ ባጀትን ናይ መንግስቲ ቁጠባዊ ውጥን ፖሊሲ ጥራይ ዘይኮነ: ዜጋታት ብቐረባ ንዘውጽእዎ ፕሮጀክት: ከነጽንየ ብማለት መንዚዕካ ንቤተ-ሰብካ ምሃብ እኮ: ምዝራፍ 'ምበር! ህይወትካ ከም ምምሕያሽ ዝረኣን ዝውሰድን ኣይኮነን ጴጥሮስ::

ነቲ ብርሃነ ዝበሎ ክውስኽሉ:-....

ድሕሪ ነጻነት እንታይ ይግበር ኣሎ ንዝብል ኮፍ ኢልና ኣይተዘራረብናን ዝብል ግንዛበ እቕበሎ ኢየ:: ብጀካ እቲ ክልተ ዓመት ዝወሰደ ረፈረንዶም: ብዛዕባ መጻኢ ናይ'ዛ ሃገር ዕቱብ ዝኾነ ምይይጥ ኣይተኻየደን:: ጸገማት እንዳገፍሑ ከይዶም: ርእስኻ ምስ ዘበጡኻ ግብረ መልሲ ትህብ::

ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈርቂ ኣብ ምድማጽ ረፈረንዶም



The PGE Secretary General, Mr. Isaias Afwerki, Casts His Vote

መን ኢዩ ርእሱ ተዘቢጡ? መን ኢዩ ኸ ዘባጢ? እቲ ዝዓበየ ነታ ሃገር ናይ መዋእል ህላዌኣ ሕጋዊ መዓልቦ ሂቡ: ኣብ ባይታ ብክውንነት ዘረጋገጸ ረፈረንዶም ስለ ዝተኻየደ ኢዩ ብርእሲ ምዝባጥ ተገሊጹ:: ብዛዕባ መጻኢ ናይ'ዛ ሃገር ክይተዘርበ: ከመይ ኢሉ 3ይ ውድባዊ ጉባኤ ተኻይዱስ: ሓድሽ መሪሕነት ተመሪጹ: ባይቶን መንግስትን ግምባርን ሓላፍነቱ ፈሊጡ ኢዩ ዝኸየድ ነይሩ:: በዚ ኣበሃህላ እዚ ተሓታቲ መን ኢዩ ክኸውን ዘለዎ? እቲ ኣይተኻየደን ዝብል ኣካል እንተኾይኑ:

ንምንታይ ፍረ ዘለዎ ስራሕ ንሰርሕ የለናን ኢሉ: ነቲ ስማዊ ዝብሎ ዘሎ ሓላፍነት ናብ ህዝቢ ኣረኪቡ ዘይወርድ: እንተዘይኮይኑ ነቲ ናይ ህዝቢ ስልጣን ከም ርስቲ ሒዝካ: ኣይ ንየማን: ኣይ ንጸጋም ምንቅ ከም ዘይብል ሓሊኽካ ሒዝካዮ ክነስኻ: ርእስኻ ምስ ዘበጡኻ: እግርኻ ምስ የሐንከሱኻ ምባል: እንታይ ኢዩ ፋይዳኡ? መን ኢዩ ርእሱ ተዘቢጡ ኸኣ: ተግባር ባዕሉ የርእየና ኣሎ:: እቲ ዝጸንዐ ዶ? ዋላ እቲ ንነብሱ ኣግዲዑ ንሃገር ዘግድዐ?

ድሕሪ ነጻነት ሽዑ ንሽዑ ኣብ ኩለን ሚኒስትርታትን ክፍልታትን ዝነበሩ ዝሰንከሉ ተጋደልቲ: ንኸረን ክለኣኹ ኣለዎም ዝብል ናይ መጀመርያ መግለጺ ከም መምርሒ ወጺኡ::

ኣብ ሳሕል ከለና: ኣብ ዝኾነ ሚኒስትሪ ብቕጥታ ከገልግሉ ዘይክእሉ ብዙሓት ስንኩላን ነይሮምና:: ይኹን ድኣ ’ምበር ብዝኾነ መንገዲ ይነብሩ ነይሮም:: ኩሉ ሰብ ኣበርክቶ ነይርዎ:: ብገለ መንገዲ ንሳቶም እውን ይጠቕሙ ነይሮም:: እንተኾነ ናብ’ዚ ምስ መጻእና ብኸምኡ ደረጃ ብቕጥታ ክሰርሑ ኣይከኣሉን:: በዚ ምኽንያት 7000 ዝኾኑ ሰባት ኣብ ከረን ተኣኪቦም::

**ስንኩላን ተጋደልቲ**



እቲ ዕላማ ምእካብ እኮ ኣብ ሓደ ተጠርኒፎም ንምእላዮም ዝሓሸ መንገዲ ንምጥጣሕ ’ምበር: ንምግሓፎም ኣይኮነን ነይሩ:: ኣብ ዓራርብ ዝነበረ መዓስከር ስንኩላን እንታይ ድዩ ኣበርክቶኡ ነይሩ? ከም ጭርሖ ህዝባዊ ግምባር ከ ስንኩል ኣእምሮ ’ምበር: ስንኩል ኣካል የለን:: በዚ ተመሪሑ እንዶ ኣይኮነ መዓስከር ስንኩላን ዓራርብ ይኹን: ጀልሃንቲ ብባዕሎም ስንኩላን ዝተሃንጸ:: ስለ’ዚ ነቲ ዝተወጠነ ሓሳብ ኣብ ግብሪ ካብ ዘይምትርጓም ዝመጸ ሳዕቤን ’ምበር: ንምእላዮም ሓላፍነት ካብ ዘይምውሳድ: ናይ’ቲ ግምባር ይኹን: ናይ’ቲ መንግስቲ ዝመጸ ሳዕቤን ኣይኮነን ንኸረን ክሰግሩ ትእዛዝ ዝተመሓላለፈ:: እቲ ዝተዋህበ መምርሒ ’ውን በይንኣዊ ዘይኮነ ሓባራዊ ስጉምቲ ኢዩ ነይሩ::

ኣብ ከረን ብዙሕ ጸገም ነይሩ:: ነዞም ሰባት እንታይ ከም ዝገብርዎም ዝፈልጥዎ ኣይነበሮምን:: እቶም ዝበዝሑ ዝቖሰሉ: ዝሰንከሉ: ዝሸምገሉ: ናይ ስድራ ጸገም ዝነበሮምን ካልእን ነይሮም:: ኣብ ሓጺር እዋን ኩሎም ተስፋ ቆሪጾም:: ሽዑ ኢሰያስ እውን ተስፋ ስለ ዝቖረጸ ”ኩሎም ነናብ ኮሮም ስደድዎም” ኢሉ::

ሕራይ ከም’ቲ ኣበሃህላ ብርሃነ ገረዝጊሄር: ኢሰያስሲ ተስፋ ቆሪጹ: እቲ ተስፋ ዘይቆረጸ ኣለኹ ዝብል ዝነበረ ኣካል መሪሕነት ከም ብርሃነ ጴጥሮስ ብሓፈሻ ጉጅለ 15 ኸ እንታይ ስጉምቲ ወሲዱ? ዋል ሓንቲ!!! ስለ’ዚ ብዘረባ ምውጥይጣይ ዘምጽኦ ፋይዳ የብሉን:: ነቲ ኹነታት ብክውንነት ምምላሱ እቲ ተመራጺ ኢዩ ነይሩ:: እቲ ዕላማ ግን ነቲ ጉዳይ ኣብኢስካ: ኣብ’ታ ሃገር ቅልውላው ንምፍጣር ዝተሓሰበ መደብ ክዕወት ኣይተኻእለን:: ጽንዓት ህዝብን ተጋዳላይን መንግስትን ልዕሊ እቲ ውዲት በሪኹ ኣምኪንዎ::

ብዛዕባ ዓይነ ስውራት ስንኩላን ሽማግለታት ኣብ ክፍልታት ክሰርሑ ዘይክእሉን ትዛረብ ኣለኻ: እዞም ከም’ዚ ዓይነት ሰባት ናብ ኮራት ተላኢኾም: እዘን ኮራት ገዛ ክሰርሓሎም ክክናኸነኦም ካልእን ሓላፍነት ተዋሂቡወን:: እዚ ቓል-ብቓሉ ገሃነም!! ኢዩ: ገሃነም!!!!!

**እቶም ተኣምር ዝሰርሑ ተጋደልቲ**



ናይ’ቲ እዋን ምምሕዳር ኮራት: ነዞም ስንኩላትን ሽማግለታትን ገዛውቲ ይሰርሓሎም እወ:: ክንደይ ህንጸት ድዩ ዝሰርሕ ዘሎ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ:: ነዛ ጥብ እትብል ናይ ልምዓትን ህንጸትን ዘይነበራ ሃገር ናብ ዘ-ኢትነገር ዝብል ቁጠባዊ ህንጸት ኣድማስ ዘማዕዱ ምዕባሌ ግስግስና ወንጪፍዋ ዘሎ ሓይልታት ምክልኻል እንዶ ኣይኮነን:: እሞ ኸኣ ነቶም

በሃር ዝኾኑ ስንኩላኑ ጉልበቱ ከይበቅቕ ድዩ ተፈሪሑ:: እቶም ዓይነ ስውራንን ናይ ልምሰት ማህረምቲ ዘለዎም ስንኩላንን: መንግስቲ ኤርትራ ካብ መጀመርያ ኣትሒዙ ናብ መዓስከር ደንደን ከም ዘሰፈሮም ኩሉ ዝዝክሮ ኢዩ:: ኣየናይ ኢዩ ሕጂ ገሃነም!!! ተባሂሉ ብምረት ዝጽዋዕ ዘሎ:: በቲ ዘለካ ንምንባዮም ንዝግበር ሓርኮትኮት ዶ: ዋላ ንዘይምግሓፎም ዝተኻየደ ጻዕሪ ኢዩ ገሃነም!!! ዝብሃል ዘሎ:: እዛ ገሃነም!!! ዶ ሓቀይ ትርጉማ ቐኒና::

እዘን ኮራት ኣሃዱታት ሰራዊት ዘለዉወን እየን: እንተኾነ ንኹሉ ጸገማት ናይ ስንኩላን ህጻናት ሽማግለታት ዝፈትሓ ዓበይቲ ዓድታት ወይ ኮማት ተቐይረን:: እዚ ብግቡእ እተፍትሐ ጸገም ኣይነበረን:: ስለ'ዚ ንስኻ ናይቶም 15% ዝኾኑ ሽዑ ንሽዑ ነገራት ከመይ ይኸዱ ኣለዉ ዘይዓገቡን ዝቐሓሩ መጻኢኦም እንታይ ከም ዝኸውን እተደናገሩን ኢኻ ትዛረብ ዘለኻ:-....

## ሓይልታት ምክልኻል ኣብ ህንጸት ሃገር




ሓንቲ ኮር እኮ ምስ ኩሉ ንጥፈታታን ናይ ዕማም ሓይልታታን: እቲ ንሳ እትሰርሖን እትዓሞን ምስ ንጥፈታት ናይ ሓንቲ ዓዲ ምስ ዝዛመድ: ዕየራ ሚዛኑ እንታይ ኮን ምኾነ? መኣታን ነቲ ንስኻ እትብሎን እትደልዮን ዝተጠምዘዘ ቕኒት ንምቕራብ ክትብል: ንኹሉ ንጥፈታት ሓይልታት ምኽልኻል ዘናሹ መደረ ምቕራብ ከ ምስ ምንታይ ኢዩ ክቑጸር?

ብርሃነ:- ካልእ ኢሰያስ ኣገዳሲ መግለጺ ክህበሉ ዝፍትን ዝነበረ:- "እተን ኣብ ሳሕል ዝነበራ ናይ ህዝባዊ ግምባር ክፍልታት ብዘይተወደበ ኣገባብ ናብ ኣስመራ ኣትየን:: ስለ ዝኾነ ጸገም ፈጢረን: ኣንፈትካ ንምጥፋእ ካልእ ጸገማት ኣብ ምምጻእን ቀንዲ ምኽንያት ኮይነን" ክብል ብቓላቱ ገሊጹ::

## ፋብሪካ መፍረ መድሃኒት ኣብ ሳሕል



ከም ኣሰራርሓ ኣሽንካይዶ ትካል ዝኣክል: ወይ ብኽፍልታት ዝጽዋዕ ናይ ሓደ ግምባር ኣሃዱ: ውልቀ ሰብ 'ውን እንተኾነ: ምስ ወትሃደራዊ ድስፕሊንን ናይ ሕጊ ቀይድን ካብን ናብን ክንቀሳቐስ እንከሎ ብምእኩል መንገዲ ብዝወሃቦ መምርሒ ኢዩ ክንቀሳቐስ ነይሩዎ:: ከም'ቲ ኢሰያስ ዝጠቐሶ ግን: እተን ክፍልታት ብዘይተወደበ መልክዕን ብኢደ ዋኒነን ሓላፍ ዘላፍ ኮይነን: ኣበየናይ ቦታ ክድኮና ኣለወን ንመጻኢ መደባተን ኣበይን ብኸመይን ናይ ምቕጻለን ኩነት ከይተሓንጸጸ ጠርበሽበሽ እናበላ ካብ መጻ: መን ኢዩ ክሕተተለን? ፋብሪካ መፍረ መድሃኒት: እንዳ ዲኤም ከይ: እንዳ መስንዕ ሽዳ: ምስናዕ ብረት: ፋብሪካ ምምኻኽ ሓጺን ወዘተ... ብዝፈጠረኦ ናይ ዘርጠብጠብ ምእታው: ክሳብ ለይተ ሎሚ ነበረያ ነበረ ኮይነን ተሪፈን ኣለዋ:: ስለ'ዚ እዚ ኣንፈትካ ምጥፋእ ዝፈጠሮ ምስንኻል እንዶ ኣይኮነን ትርጉሙ: ካልእ ትርጉም ክንህቦ እንተኾይና ኸ እንታይ ኢና ክንብሎ?

ኣብ ሳሕል ዝነበረ ቤት ጽሕፈታትን ካልእ መሳለጥያታትን ሽለል ስለ ዝተባህለ: ብዘይተወደበ ኣገባብ ናብ ኣስመራ ኣትዩ:: እንተኾነ እዚ ጌጋ ናተይ ኣይኮነን ንምባል ኢዩ: እተን ክፍልታት ከይተሓበራ ብዘይተወደበ ኣገባብ ኣስመራ ኣትየን::

ኣብ ሳዕሊ ከም ዝገለጽናዮ ድሕሪ 2ይ ውድባዊ ጉባኤ: ነፍስ ወከፍ ክፍሊ ብሓደ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ኢያ እትምራሕ ነይራ: ብዘይ ቀይድን ብዘይ ተማእከለ ኣገባብን መጺአን: ነቲ ክተሓዝ ዝግበኦ ዝነበረ መደባት ኣጋሕሚጠነኦ ኢሉ እንተነቐፈ: ናይ'ዚ ዝቐረበ ነቐፈታ ተሓታቲ ዝኸውን ኣካል ኣብ ክንዲ ናይ ተሓታትነቱ ባይታ ዝጽረግ: ፕረዚደንት ነቲ ጌጋ ካብ ነብሱ ከህድሞ ስለ ዝደለየ ኢዩ ዝብል ምኽኒት: ምስ ኣየናይ ተግባር ኢዩ ክጠዓዓም?

ጴጥሮስ:- ኩሉ ሰብ ናባና (ኣስመራ) ይመጽእ ነይሩ::

ብርግጽ ናባኹም ናብ ኣስመራ ምስ መጻ: ብወገንኩም እንታይ ስጉምቲ ወሲድኩም? ኢዩ እቲ ሕቶ:: ብዘይ ኣገባብ ናብ ኣስመራ ምምጻኦን ድኣ ባዕሉ እቲ ዋና ጸሓፊ: ብዘይ ኣገባብ ምምጻኦን ኣመልኪቱ እኮ: ዘኸትሎ ሳዕቤን ገሊጹ ኣሎ:: ንሱ ኢዩ ኸኣ እቲ ሓቂ::

ብርሃነ:- ብሓቂ እቲ ጸገም ንሱ ኣይኮነን:: እንተኾነ እቲ ፕረሲደንት "ኣንፈት ንምጥፋእ" እቲ ቀንዲ ጸገም: ብዘይተወደበ ኣገባብ ናብ ኣስመራ ምምጻኦን ኢዩ ኢሉ::

ብርግጽ ብዝተወደበ ኣገባብ መጺኦን ነይረን እንተዝኾና: ብዝወሓደ እተን ኣብ ሳሕል ዝነበራ ፋብሪካታትን መሳንዕን ስረሐን ከይተበታተኸን ከይተቛረጻን: እትዋተን እንዳዓበየ ፍርያተን ኣንዳገፍሐ: እቲ ተጋደልትን ህዝብን ዝሓትዎ ዘለዉ ቁጠባዊ ኩነታት ከኣ: ቁልጡፍ ሕውየት ምሃቦ ነይሩ:: እዚ ኢዩ እቲ ፍልልይ ዘሎ:: ኣብ ሞንጎ ፕረዚደንትን: ኣብ ሞንጎ እቶም ብኢደ ዋኒንኩም ነተን ትካላት ነቒልኩም ዝመጻእኩም: እዚ ኢዩ ህዝቢ ክፈልጦ ዘለዎ ጉዳይ:: ነዚ ኸኣ ጉጅለ ተጸናጸንቲ ኣይክድቅሱሉን ኢዮም::

ዳን-ኮኔል:- ስለ'ዚ ድዩ ዕግርግር ነይሩ?

ብርሃነ:- እወ ዕግርግር ነይሩ::

እንተኾነ ንሱ (ኢሰያስ) ትእዛዝ ከይሃበን: እተን ክፍልታትን ኣሃዱታትን ናብ ኣስመራ ብምውሓዘን: ኣንፈትካ ምጥፋእን ካልእ ጸገምን መጺኡ ኢሉ:: ንሱ መን ኣዚዝወን ከም ዝመጻ ዝፈልጦ የብሉን:: እዚ ድማ ንገዛእ ርእሱ ጸገም ፈጢሩ::

ጽብቐቲ ምላሽ:: ኢሰያስ መን ኣዚዝወን ከም ዝመጻ ዝፈልጦ የብሉን:: እወ ዝፈልጦ የብሉን:: እቲ ነታ ሃገር ንምድኻም ተባሂሉ ብስዉር ትእዛዝ ዝሃበ መን ኢዩ? ክሳብ ለይተ ሎሚ ተሓታትነት ኣይወሰደን እዚ ኢዩ ክቃላዕ ዘለዎ::

ጴጥሮስ:- ቅድሚ ነጻነት ተጋደልቲ ኣብ ኣካይዳ ናይ'ቲ ውድብ ዕጉባት ዘይምንባሮም: ሓደ ካብ'ቲ እንዳ ማዕበለ ዝመጸ ነገር ኢዩ::

እቲ ኣብ 87 ዝነበረ ማእከላይ ኸማግለ: ከም'ቲ ቅድሚ 87 ዝነበረ ህቡብነት ኣይነበሮን:: ነቶም ድሕሪ 87 እተመርጹ ኣባላት ዝወሃብ ዝነበረ ሚዛን ልዑል ኣይነበረን:: ምኽንያቱ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ኣዝዩ እተወደበ ኢዩ ነይሩ:: ኩሉ ሰብ ንኽመርጽ ወረቓቕቲ ተዓዲልዎ:: ስለ'ዚ ብዙሓት ሰባት ንምንታይ ገለ ባእታትት ኣብ'ቲ ማእከላይ ኸማግለ ኣትዮም ዝቕበልዎ ኣይነበረን::

ብምርጫ ናይ ተሳተፍቲ ተጋደልትን ኣባላት ግምባርን ክሳብ ዝተመርጹ: ኣብ ድልየት ዉልቀ ሰባት ዝምርኮስ ስለ ዘይነበረ: በቲ ደሞክራስያዊ ኣገባብ ተመሪጾም ኣትዮም:: ክሳብ ነቲ ናይ ምርጫ ቀጥዒ ብዝተወደበን ዝሓሸን ኣገባብ: ካብ ዝሓለፈ ተሞኩሮ ተቐሲሙ ተኻይዱ እቲ ሓጥያት ኣበይ ኢዩ?

ዳን-ኮኔል:- እቲ ሰልፊ ሕጹያት ብምቕራብ ንሰባት ወረቓቕቲ ዓዲሉ ንኽመጹ ድዩ ዝገብር?

ብርሃነ:- ንማእከላይ ኸማግለ ህዝባዊ ግምባር .....

ጴጥሮስ:- 70 ክትመርጽ እንተድኣ ኮይንካ: ናይ 85 ሰባት ዝርዝር ኣስማት ይቐርብ:: ስለ'ዚ ናይ

15 ሰባት ፍልልይ ኣለካ ማለት ኢዩ:: ንሱ ኢዩ::

ዋላ'ኳ ኣብ ወትሃደራዊ ምዕባሌታት ጽቡቕ ይኸይድ እንተ ነበረ: እዚ ሞራል እዚ ኢዩ ነቲ ውድብ ንቕድሚት ዘሰጉሞ ነይሩ:: ድሕሪ 87 ኣብ ሰራዊትን ኣብ ክፍልታትን ብዝነበረ ዘይብቕዓትን ሕጽረት ምሕደራን ብዙሕ ቀሬታት ነይሩ::

እቲ መሪሕነት ስጥመት እንተዘይነበሮ: እቲ ተሰሪሑ ዝብሃል ዘሎ ወትሃደራዊ ዓወታት ኣይምተሰርሐን ነይሩ:: ምኽንያቱ እቲ ሕጽረት ይትረፍ ኣብ ከም ኤርትራ ዝኣመሰት: ኣብተን ምዕቡላት ሃገራት 'ውን: ሕጽረት ምሕደራን ዘይብቕዓትን ወትሩ ምስ ኣጋጠመ ኢዩ:: ግን ብሰሪ እቲ ኣጋጢሙ ዝብሃል ዘይብቕዓትን ሕጽረት ምሕደራን ዝረአ ቀሬታ ንቡር ኢዩ ነይሩ::

ድሕሪ ኣስመራ ምእታውና ዝነበረ ማእከላይ ሽማግለ: ህቡብነት ተፈታውነት ዘይነበሮን እተቓልዐን ኢዩ ነይሩ ክትብል ትኽእል:: ከም ዝመስለኒ እቲ ፕረሲደንት ነቲ መሪሕነት ንምንታይ "ዝሞተ" ወይ "ዝመሽመሸ" ኢሉ ከም እተዛረበ: ሓደ ካብ'ቲ ምኽንያት መሪሕነት ህቡብነት ስለ ዘይነበሮ ኢዩ:: ኢሰያስ "እዚ መሪሕነት መሽሚሹ ኢዩ:: ምስ'ዚ ዝመሽመሸ መሪሕነት ክቕጽል ኣይክእልን ኢየ:: ኣብ'ዚ መሪሕነት ውዑይ ደም ክንሕውስ ኣለና" ኢሉ:: እዚ ክብል ከሎ ሓደ ጭቡጥ መልእኽቲ ንምምሕልላፍ ነይሩ:: ምኽንያቱ ንሕና ኣዚና ሕንፍሽፍሽ ዝኣተወና ኢና ነይርና::

"ንሕና ኣብ ሕንፍሽፍሽ ኢና ነይርና" ቃል ጴጥሮስ ሰሎሞን ኢዩ እዚ:: እቲ መሪሕነት ኣብ ሕንፍሽፍሽ ካብ ኣተወ: እቲ ኣቐዲሙ ነዚ ሕንፍሽፍሽ ዘስተብሃለ ናይ ትማሊ ዋና ጸሓፊ ናይ ሎሚ ፕረዚደንት: ነቲ ኣብ ናይ ሕንፍሽፍሽ ስምራ ዘኽድድ ዝነበረ መሪሕነት: "ዝሞተ" መሪሕነት ኢዩ: ኣነ ካልእ ሓድሽ ደም ዘለዎ መሪሕነት የድልያ ኣሎ እዛ ሃገር እንተበለ: ነቲ ሓቅነት ኢዩ ዘድምቕ ዘሎ 'ምበር ሃሰያ ነታ ሃገር ኣይኮነን ኣሚቱ::

ስለ ዝኾነ ከም'ቲ ድሕሪ ነጻነት ዝድለ ዝነበረ: ጉዳያት ምምይያጥ ንጠለባት መልሲ ምሃብ: ንመጻኢ ምምዕዳው ዝኣመሰሉ ዛዕባታት ኮፍ ኢልና ኣይተዘራረብናሎምን:: በዚ ምኽንያት በካይዳ ናይ'ዛ ሃገር ብዙሕ ዘይምዕጋብ ነይሩ:: ስለ'ዚ እዚ ውን ካልእ ቀሬታ ኣስዒቡ::

ዳን-ኮኔል:- ስለ'ዚ ኢሰያስ ንነብሱ ካብ'ቲ ማእከላይ ሽማግለ ብምግላል: "ንሳቶም እምበር ኣነ ኣይኮንኩን" ኢዩ ዝብል ዘሎ ዲኻ ትብል ዘለኻ?

ዳን-ኮኔል:- ብዘይ ቀለዓለም ክንምልሰልካ: ካብ'ዚ ናይዞም ዝምልሱልካ ዘለዉ ቃለ መሕትት ቅንጣብ ትኹን ናብ ኢሰያስ ዝቐንዐት ኣበር ኣየቕረቡን ዘለዉ:: ኣብ መወዳእታ ከም'ዚ ጴጥሮስ ባዕሉ ዝበሎ:- "ንሕና ኣብ ሕንፍሽፍሽ ኢና ነይርና" ዝበሎ:: እዞም ሰባት ኣብ ሕንፍሽፍሽ ኣለና ካብ በሉ: ናይ ግድን ኢሰያስ ንበይኑ ምስቶም ኣብ ሕንፍሽፍሽ ዘይኣተው መሪሕነት ጥራይ ኢዩ ተሪፉ ነይሩ:: ሕጂ 'ውን ተሪፉ ዘሎ::

ጴጥሮስ:- ቃል-ብቓሉ ክትርጎም እንከሎ:- "ብጀካይ ኩሉ መሽሚሹ ኢዩ: ስለ'ዚ ኣብ መሪሕነት ውዑይ ደም ከእቱ ኣፍቂዱለይ: ደሓር እዛ ሃገር ከመይ ገይረ ከም ዘመሓድራ ክርእየኩም ኢየ" ኢዩ ኢሉ::

ብርግጽ እቲ ግምባር ሒዝዎ ዘሎ ኣመራሓ: ንማሕበራዊ ፍትሒ ዝዓለመ ብተግባር የተግብሮ ኣሎ:: ናይ'ቲ ዝመሽመሸ ኣካል ዕንቅፋት ግን: ብኢደ ዙር ንምዕንቃፉ መተካእታ ናይ'ቲ ዝመሽመሸ መሪሕነት ሒዝዎ ዝነበረ ተልእኾ: ብመልክዕ እገዳ: ብመልክዕ ጉዳይ መርማሪት ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ዝካየድ ዘሎ: ነዛ ሃገር መንእሰያታ ምዝቛቕን: ጉዕዞ ፍልሰትን: ዝሕንሐን ዘሎ መንግስቲ ምቕያር እንዳተባህለ ዝፍከርን: መቐጸልታ ተልእኾ ናይ በዓል ዳን-ኮኔል ብዓቢዩ ናይ ወያነንን: ቀንዲ ለኣኺቱ ሰብ ፍሉይ ረብሓን ተደጋጊፎም ክዕንቅጽዎ

ኣይከኣሉን:: ኣብ ሓዲዱ ኣሎ:: እዚ ጸገም እንተዘይገጥሞ ነይሩ:: እዚ መሪሕነት እዚ ነዛ ሃገር ኣበይ መብጽሓ ነይሩ ግዜ ዝምልሾ ሕቶ ኢዩ::

ብርሃነ:- ቅድሚ ነጻነት ብ1986 ደርግ እንዳተዳኸመ ምስ ከደ: ኢሰያስ ሰሚናር የካይድ ነይሩ:: ነቲ ሰሚናር "ሰለስተ ሓለፋታት" ክብል ሰምይዎ::

እዘን ሰለስተ ሓለፋታት: ብጀኽኡ ኩሉ ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ ዘሎ: ዋላ 'ውን ኣብ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ዘለዉ ከይተረፈ: ይሰትዩን ብምቾት ይነብሩን: ስለ'ዚ እቶም ተራ ተጋደልቲ ብተግባራት መራሕቶም ዕጉባት ኣይነበሩን:: እዚ ቅድሚ ነጻነት ኣብ 86 ኢዩ::

በዚ ምኽንያት እዞም ተጋደልቲ ብጀካ ኢሰያስ: ኩሉ ኣብ መሪሕነት ዘሎ ሰኺራም: ምስ ደቂ ኣንስትዮ ዝብዕልግን: ብምቾት ዝነበርን ኢዩ ዝብል ኣተሓሳስባ ኣማዕቢሎም:: ኢሰያስ ነቲ ዝህቦ ዝነበረ ህቡብ ሰሚናር: "ሰለስተ ሓለፋታት" ክብል ሰይምይዎ:: ኣንጻር እዘን ሰለስተ ሓለፋታት ኣንጻር መሪሕነት ክትቃለሱ ኣለኩም ድማ በለ::

ዳን-ኮኔል:- እንታይ ኢየን እዘን ሰለስተ ሓለፋታት?

ብርሃነ:- ምስታይ: ብምቾት ምንባር: ምስ ደቂ ኣንስትዮ ምብዕላግን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለን:-....

ዳን-ኮኔል:- ነቲ ናይ ቐደም ናይ ቻይና ኣካይዳ ይመስል::

ብርሃነ:- ኣብ 86 "ሰለስተ ሓለፋታት" ህቡብነት ነይርዎ::

ጴጥሮስ:- "ጸረ ሰለስተ" ኢሉ ይጽውዖ ነይሩ::

ብርሃነ:- እወ ጸረ ሰለስተ::......

ጴጥሮስ:- ነቲ ጎስጓስ ክገብር ከሎ እንታይ ይገብር ከም ዘሎ ምስ ማእከላይ ሽማግለ ይኹን ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኣኼባ ኣየካየደን:: ስለ'ዚ ኩሉ ሰብ እዚ ሰሚናር ከመይ ኢሉ ከም ዝመጸ ክግረም ጀሚሩ:: ምኽንያቱ ኩሎም ተጋደልቲ "ኢሰያስ ጥራይ ኢዩ ጥዑይ ሰብ" ይብሉ ነይሮም:: በዚ ምኽንያት ኩሎም ላዕለዎት ካድራት: ንማእከላይ ሽማግለ ወሲኹካ ሕጉሳት ኣይነበሩን::

ዋላ'ኳ ነቲ ቅሬታ ኣብ ነብሶም እንተተሓዝዎ: ካብ'ቲ እዋን ንደሓር ነቲ ዕላማ ንምግልጋል ዝነበሮም ተወፋይነት ብዙሕ ጎዲሉ ክኸውን ኣለዎ:: ከም'ቲ ዝበልካዮ ብቕዲ ባህላዊ ሰውራ ቻይና: ናብቲ' መሰረት ብቐጥታ ምኻድ ዝብል ንመጀመርያ ሪኢና::

መጀመርያ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብ 1986 ምኽትል ዋና ጸሓፊ ኢዩ ነይሩ:: እዚ ኣንጻር ሰለስተ ሓለፋታት ሰሚናር ንምክያድ ናብ ተጋደልቲ ወሪዱ ከካይድ እንከሎ: እንተ ድኣ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለን ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈትን ዘይፈልጥዎን ወግዓውነት ዘይሃብዎ ናይ ዉልቁ ተበግሶ ወሲዱ: ኢደ ወነንናዊ ኣኼባታትን ሰሚናራትን የካይድ ነይሩ ኾይኑ: ንምንታይ ጉባኤ ብዘሰከመኩም ሓላፍነት ደው ከተብልዎ ዘይከኣልኩም? ከም'ቲ ምስላ ኣበዋት ዝብእ. ምስ ከደ ከልቢ ነብሐ ዝበልዎ: ኢሰያስ ነቲ ዝደልዮ ኣኼባታት ምስ ኣካየደ: በቲ ኣበሃህላኹም ዝደልዮ ዕላማ ምስ ወቐዐ:: ሕጂ ምዝራብ እንታይ ኢዩ ክሟቐጠልኩም:: እቲ ሓቂ ግን: ከም'ዚ እትብልዎ ዘለኹም ዘይኮነ: ኣቐዲሙ እዚ ጎስጓስ እዚ ኣብ ውሽጢ ማእከላይ ሽማግለ ክትዕ ተኻይድሉ: ኩላ ሰብ ዘዝነበራ ዝንባለ ብመሰረት ቃልሲ ኣንጻር ሰለስተ ተነቂፉን ተኣሪሙን ኢያ:: ብድሕሪኡ ከኣ ከም ዕላማ ተወሲዱ: እቲ ነጻነት ኣብ ደረት ትሪት ከም ዝበጽሐት ዝተገንዘበ መሪሕነት: ንድሕሪ ነጻነት ከጋጥመና ዝኽእል ናይ ብልሽውና ኩነታት: ካብ ሎሚ ኣትሒዝና

ክንቃለሶ ዝእንፍት ኣስተምህሮን ኅስንስን ዝሃበ:: ብጭቡጥ ንምምጻእ ከኣ: እስከ ኣብዚ ሕጂ እዋን: ዝኾነ ናይ ውሽጥን ናይ ግዳምን ሓይሊ: ብጭቡጥ ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ካልኦት ኣባላት መሪሕነት ካብ ሜዳ ኣትሒዙ: ወይ ሕጂ 'ውን ካብ ማዕከን ገንዘብ ህዝቢ ኤርትራን ካልእ ርኽበትን ገንዘብ ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ባንክ: ክንድ'ዚ ዝብዝሑ ገንዘብ ኣስጊሩ: ወይ ኣቐሚጡ ዝብል ሓበሬታ ይሃበና:: ቅንጣብ ከቕርብ ዝኽእል የለን:: እዚ ኢዩ እቲ ሓቂ:: ስለ'ዚ ቃልሲ ኣንጻር ሰለስተ ሕጂ ውን ጌና ብግብሪ: ግምባርን መንግስትን ዝቃለስሉ ዘለዉ መደብ ቃልሲ ኢዩ::

ብርሃነ:- ሰሚናር ሰለስተ ሓለፋታት ካልኣይ ጉባኤ ህዝባዊ ግምባር ምክያዱ ሓደ ዓመት ኣቐዲሙ ኢዩ ተኻይዱ::

ዳን-ኮኔል:- ሰልፊ እውን ኣብ ተመሳሳሊ ዓመት ኢዩ ጉባኤ ገይሩ:: ምስ'ዚ ብምትእስሳር ናይ ሰልፊ ጉባኤ መዓስ ተኻይዱ?

ብርሃነ:- ከም ዝመስለኒ ቅድሚ ጉባኤ ህዝባዊ ግምባር::

ጴጥሮስ:- እቲ ዓቢ ቁሳር.....

እንታይ ማለት ኢዩ "ቁሳር" ብድሕሪት ካብ ምሕማይ ንተሃንካ መውጽኢ ቓላት ካብ ምድርባይ: ንህዝብን ንሃገርን ዘርብሕ ትሕዝቶ ምስ ዝቐርብ ተመራጺ ምኾነ::

ብርሃነ:- ስለ'ዚ ተጀሚሩ ተራ ናይ'ቲ ሰልፊ ካብ መጀመርያ 80 ታት ማለት: ካብ 84-85 ንደሓር ከንቆልቆል ጀሚሩ::

ዳን-ኮኔል:- ተራ ናይ'ቲ ዓቢ መራሒ ኸ?

ብርሃነ:- ፍሉጥ.....

ጴጥሮስ:- ብግልጺ ነብሱ ከግልል ጀሚሩ: ኩሉ ሰብ ረኣዩ "ኢሰያስ ንጹህ ሰብ ኢዩ: እቶም ዝተረፉ ካልኦት ብልሽዋት ኢዮም" ካልእን ክብል ጀሚሩ::

ህዝቢ እኮ ዕዉር ዓይኑ ዝተደፍነ: ወይ ሓንጎሉ ዝዘንበለ ኣይኮነን:: ህዝቢ ብተግባር ብዓይኑ ዝሪኦን: ብእዝኑ ዝሰምዖን: ብኢዱ ዝድህሰሶን: ብሓንጎሉ ኣመዛዚኑ ዝፈርዶ ክውንነት ኣሎ:: ነዚ ክውንነት እዚ ረጊጽዎ ክኸይድ ስለ ዘይክእል ከኣ: ነቶም ንጹሃት: ንጹሃት ኢዮም ኢሉ ናይ ትዕዝብቱ ፍርዲ ናይ ምሃብ መሰሉ ዝተሓለወ ምኻኑ ክንግንዘቦ ኣለና:: ካብ'ዚ ውጺኢት እዚ ተሞርኪሱ ህዝቢ: ኢሰያስ ንጹህ ኢዩ እንተበለ: ኢሰያስ ንጹህ ኣይኮነን ዝብል ድራማ ዘይኮነ ክቐርብ ዘለዎ: ኢሰያስ ንጹህ ኣይኮነን ዝብል ጭብጢ ጥራይ ኢዩ ክቐርብ ዘለዎ::

ዳን-ኮኔል:- ናብ ድሕሪት እቲ ሰልፊ መዓስ ከም እተጀመረ ዶ ክምለሰኩም? ናይ መንካዕ ፍጻሜ ነቲ ሰልፊ ስጋብ ክንደይ ንቕድሚት ኣብ ምድፋእ ኣገዳስነት ከም ዝነበሮ ሃይለ መንቀርዮስ ይከራኸር: ስጋብ 75 ሃይለ ኣባል ሰልፊ ኣይነበረን:: ኣብ'ቲ ዘቕረብኩዎ ወረቓቕተ ነዚ ናይ ሃይለ ሪኢቶ ኣይጠቐስክዎን: እንተኾነ እዚ ናቱ ኣረኣእያ ኢዩ:: ብዛዕባ እቲ እዋን ብዝሕ ኢየ ዝግረም:: መዓስ ናይ'ቲ ግምባርን ሰልፍን ኣባል ኮይንካ?

**ሃይለ መንቆርዮስ ምስ ሱዳናዊት በዓልቲ ቤቱ**



”ሃይለ መንቆርዮስ ነቲ ናይ መንካዕ ምንቅስቓስ: ንሰውራ ንቕድሚት ምደፍኦ ነይሩ: እዚ ግን ናይ ሃይለ መንቀርዮስ ሪኢቶን ሓሳብን ኢዩ” ይብለና ኣሎ ዳን-ኮኔል:: መጀመርያ ሃይለ መንቀርዮስ ሓደ ካብቶም ነዚ ናይ መንካዕ ምንቅስቓስ: ኣብ እዋኑ ካብ ዝደሃኹን: ጉጉይ ምኳኑ ኣሚኑ: ኣብ ወጻኢ ሃገር ኣብ ፌስቲቫል ቦሎኛ ዕላዊ ናይ ባዕሉ መግለጺ ካብ ዝሃቡን: ክሳብ መወዳእታ ውሳኔ ዝበጽሑን ኢዩ ነይሩ ጥራይ ዘይኮነ: ሃይለ መንቀርዮስ ንባዕሉ ንናይ ነብሱ ውልቀ ውጺኢት: ኤርትራዊ ማሕበራዊ ክብርታት ገይሩ ኣብ ክንዲ ዝርኢ: ሃይለ መንቀርዮስ ይጠቅስ:- ”ኣነ ከም ሃይለ መንቀርዮስ: ውጺኢት ናይ ምዕራብ ኢየ” ካብ በለ: ነቲ ዝተቓለሰሉን ብዛዕባ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣብ ክንዲ ዊጺኢት ኤርትራዊ ሃገራዊ ቃልሲ: ምዕራባዊ ፖለቲካዊ ውጺኢት ገይሩ ነብሱ ካብ ወሰደ: ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝተኻየደ ክውንነት ብእወንታ ገሊጹ: ንዕብየት ኤርትራ ክሰርሕ ከም ዘይደለ: ኣብ’ቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስ መለስ ዜናዊ ብምርድዳእ: ንመንግስቲ ኤርትራ ንምቕቃያር: ነቲ ኣብ ደብረዘይትን ኣዋሳን ብወያን ተጠፍጢፉ ዝቐውም ዝነበረ ኣዕናዊ ሓይሊ ንምሕብሓብ: ካብ ተረፍ ደሞዘይ ዘዋህለልክዎ ብማለት ናይ $250.000 (ክልተ ሚእትን ሓምሳን ሽሕ ዶላር ኣሜሪካ) ንዕንወት ኤርትራ ካብ ዘወፈየ ባእታ እንጽበዮ ካልእ ሓቂ የለን:: ኣሸንኳይዶ ንስልጣን: ዋላ ኳ ንውልቁ ዝምልከት እንተኾነ: ንሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ንምርካብ ክብል: ሃይማኖቱ ብምልዋጥ ንመርዓ ካብ ዝተሰማምዐ ባእታ እንታይ ክንጽበ::

ጴጥሮስ:- ኣብ 1976 ኮምሽነር ቦጦሎኒ ከለኹ ኣባል ሰልፊ ኮይነ::

ዳን-ኮኔል:- እቲ ምሳይ እተራኸብካሉ ኢዩ::

ጴጥሮስ:- ቅድሚኡ ብዛዕባ ሰልፊ ዝፈልጦ ኣይነበረንን::

ብርሃነ:- ብተመሳሳሊ ኣነ እውን: ኣብ መጋቢት 1976 ኮምሽነር ቦጦሎኒ ከለኹ ኣባል ሰልፊ ኮይነ::

ዳን-ኮኔል:- ስብሓት ኤፍሬም ኮምሽነር ቦጦሎኒ ከሎ ድዩ ኣባል ሰልፊ ኮይኑ::

ብርሃነ:- እወ::

ጴጥሮስ:- ኣብ ወኪ ዛግር እንከለና: ኣስመሮምን ዓሊ ሰይድን ናባና መጺኦም: እቲ እዋን ንስኻ እውን ኣብኡ ነይርካ::

ዳን-ኮኔል:- እወ ኣብ ወርሒ ሓምለ ኣብኡ ነይረ:: ኣብ ሳቡር ንኹሎም ረኺበዮም::

ብርሃነ:- ንስኻ እውን ኣባል ሰልፊ ኔርካ ክትከዉን ኣለካ:: (ሰሓቕ)....

ዳን-ኮኔል:- ብዙሓት ሰባት ከምኡ ኢሎም ይሓስቡ::

ጴጥሮስ:- ኣስመሮምን ዓሊ ሰይድን ጸዊዕም ሰልፊ ኣለና ኢሎምኒ:: ድሕሪ ናይ 1973 ቅልውላው ናይ ብሓቂ ተሳቒኻ ኢኻ: ከማኻ ተጻዊሩ ዝኸደ የለን:: ስለ’ዚ ነቲ ሰልፊ ብቑዕ ኢኻ ኢልና ንሓስብ ኢሎምኒ::

ኣብ’ቲ እዋን ጸገማት ንምፍታሕ ዝውሰድ ዝነበረ ኣገባብ ኣይንድግፎን ኢና ነይርና:: ድሕሪ ናይ 73 ናይ መንካዕ ኩነታት: ሽው ንሽው በቶም ኣብ ጸጥታ ዝነበሩ ናይ ስለያ ስራሕ ዘይካይዱ

ሰባት: ነቲ ጉዳይ ብሕማቕ ኣገባብ ይሕዝዎ ነይሮም:: ብፍላይ ንምሁራትን ካብ ገለ ዓድታትን ንዝመጹ: ከም ሙሴን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ሰባት: ብዙሓት ሰባት ይጥቅኑ ነይሮም:: እዞም ሰባት ብቀጥታ ግዳይ ናይ እዚኣቶም ኮይኖም:: ነዞም ሰባት ይወስድዎም ይምርምርዎም የፈራርህዎምን ካልእን: እዞም ሰባት እዚኣቶም ዝፈልጥዎ ኣይነበሮምን: ስለ ዝኾነ ኸዑ ንኸዑ ብሃንደበት ብዛዕባ 73 ብዙሕ ክፈልጡ ደልዮም: ንሕና እውን ንፈልጦ ኣይነበረን:: ይኹን ድኣ ’ምበር በቲ ኣተሓሕዘኦም ክንጠራጠር ጀሚርና::

ዳን-ኮኔል ስለምንታይ ኢዩ ኣብቶም ኣቐዲሞም ኣባል መንካዕ ዝነበሩ ሰባት ጥራይ ዝከታተልን ዘድህብን ዘሎ? ንምንታይ ኢዮም ኣባላት ጉጅለ 15 ድሕሪ ዓሰርተታት ዓመታት: ስም ሙሴ ተስፋሚካኤል እንዳ ኣልዒሉ ሕጂ መድሓን ነብሶም ክገብርዎ ዝፍትኑ ዘለዉ: ትማሊ: ትማሊ: ከም ሓደ ኣዕናዊ እንዶ ኣይኮኑን ዝገልጽዎ ነይሮም:: ናይ ብሓቂ ኸ እዚ ካብ ስልጣን ናይ ምውራዶም ክስተት እንተዘይፍጠር ነይሩስ: ንሙሴ ተስፋሚካኤል ምዘከሩዎ ዶ ነይሮም ይኾኑ? ናይ ዳን-ኮኔል ኩነት ከ እቲ ዕላማ እንታይ ኢዩ? ኣብ ቀጻሊ ክይበርሀ ኣይተርፍን::

ዳን-ኮኔል:- እዞም ሰባት በዓል መን ኢዮም ነይሮም?

ጴጥሮስ:- ሃይለ ጀብሃን መሓሪ ግርማጼንን እተብሃሉ ካብ ሶቭየት ዝመጹ ኢዮም:: "ዕዙዝ" ተባሂሉ ዝፍለጥ: ወዲ ኣርባዕተ ዝብሃል ፍሉጥ ካብ ዝኾነ ዩኒቨርስቲ እተመረቐ እውን ነይሩ::

ብርሃነ:- ከም’ውን ዶክተር ኢዮብ ኣብ ሶቭየት እተማህረ:........

ጴጥሮስ:- እዞም ሰባት ኣዝዮም ጽሉኣት ነይሮም: ዝፈትዎም ኣይነበረን ”የሚን” ተባሂሎም ይፍለጡ ነይሮም:: እዚ ሽም ብሕቡእ ሰብ ዝጽውዖም ኢዩ:: ወግዓዊ ስም ብዛዕባ ምኻኑ ዝፈልጦ የብለይን:: መንካዕ ጸጋም ክኸውን እንከሎ: የሚን የማን ማለት ኢዩ::

ዳን-ኮኔል:- ብዛዕባዚ እሰምዕ ኢየ ግን ......

ጴጥሮስ:- ሓያላት ኮይኖም ኣዝዮም ሓያላት: ጽልወኦም ግን ኣብ ሳሕል ጥራይ ኢዩ ነይሩ:: ንኸበሳ ኣይደየቡን ነይሮም:: ኣብ ከበሳ ዝነበራ ኣሃዱታት ናቶም ጽልዋ ስለ ዘይነበረን: ዝያዳ ነጻነት ነይርወን::

ዳን-ኮኔል:- እዚ ስጋብ 74 ድዩ ነይሩ?

ብርሃነ:- ስጋብ 76-75-76::

ጴጥሮስ:- ነዝን ነትን ይጽውዑ: ይሕዙ ይምርምሩ: እዝን እትን ይገብሩ: መሊሶም ቦቶኦም ይመልስዎም::

ዳን-ኮኔል:- እዞም ሰባት ነቲ ጸጥታ ዝቆጻጸሩ ድዮም ነይሮም?

ጴጥሮስ:- እወ ካብ 73 ጀሚሩ ነቲ ጸጥታ ዝቆጻጸር ጉጅለ ኢዩ ነይሩ::

ብርሃነ:- ገለ ነጥብታት ክውሰኸሉ: ቅቡል ይኹን ኣይኹን መንካዕ ከም ዝንባለ "እቲ ግምባር ፕሮግራም የብሉን” ዝብል ጭርሖ ነይርዎ:: ፍትሒ የለን ምዕሩይ ዝኾነ ኣፈታትትትሓ ጸገም ይሃሉ:: መሪሕነት (ኣብቲ እዋን ዝነበረን ነቲ ግምባር ክመርሕ ብቕዓት የብሉን) ካልእን ዝብል ጭርሖታት ነይርዎም::

እቲ ካልእ ጉጅለ "የሚን" ዝብሃል መብዛሕትኦም ኣባላቱ ደቂ ሓማሴን ኮይኖም: ብኣውራጃዊ

መንገዲ ሰብ ይውድቡ ነይሮም:: ደሓር ነቲ ጸገም ብጭቡጥ መረዳእታ ይገጥምዎ ዘይምንባሮምን ካልእን ተቓሊዕም:: ስለ'ዚ ከም የመናውያን ነቲ ግምባር ብምዕናው ተፈሪዶም::

ዳን-ኮኔል:- መዓስ ተፈሪዶም? ብ76 ዲዩ ወይሲ...

ብርሃነ:- እወ ካብ 76 ስጋብ 77::

ዳን-ኮኔል:- ሰባት ተቐቲሎም ዶ?

ብርሃነ:- እወ::

ዳን-ኮኔል:- ኣብ ናይ መንካዕ ምንቅስቓስ 7 ተቐቲሎም ሰሚዔ::

ጴጥሮስ:- መዓስ ከም እተፈጸመ ብርግጽ ኣይፈልጥን: ምኽንያቱ እንታይ ከም እተፈጸመ ብርግጽ ክትፈልጥ ኣይትኽእልን ነይርካ: እንተኾነ ናብ ሓደ ቦታ ክውሰዱ ከም እተኣከቡ ንፈልጥ::

ዳን-ኮኔል:- ናይቶም የሚን ከ ከምኡ ድዩ? ገለ ካብ ናይ መንካዕ ምንቅስቓስ ኣብ 1973 እተቐትሉ ኣለዉ ድዮም?

ብርሃነ:- ኩሎም ከም እተኣስሩ ኢዩ:: ይኹን ድኣ 'ምበር ኣብ ኣኼባታት ንዓና ይኹን ነቶም ተጋደልቲ ከም እተፈርዱ ወግዓዊ መግለጺ ተዋሂቡና::

ዳን-ኮኔል:- ገለ ካብዚኣቶም ዳግማይ ሪኢኽሞም ትፈልጡ ዶ? ገለ ካብዚኦም ብርግጽ ተቐቲሎም ኣለዉ?

ጴጥሮስ:- ካልኣይ ግዜ ሪኢናዮም ኣይንፈልጥን?

ዳን-ኮኔል:- ክንደይ ይኾኑ ኢልካ ትግምት 5 6?

ጴጥሮስ:- ኣይፈለጥኩን ክንድኡ ግን ይኸውን::

ብርሃነ:- ካቡኡ ዝበዝሕ ኣይኮነን::

ብዛዕባ እቶም ኣዝዮም ንጡፋት ኢና ንዛረብ ዘለና: መሓሪ ግርማጼን ሃይለ ጀብሃ ኢዮብን ወዲ ኣርባዕተን ኢዮም:: ካብ 5 ኣይበዝሑን ኣብ መንካዕ እውን እቶም ንጡፋት ካብኡ ዝበዝሑ ኣይኮኑን::

ዳን-ኮኔል:- ሸሪፎ 7 ተቐቲሎም ይብል::

ብርሃነ:- ምናልባት ክንድኡ ክኸውን ይኽእል: ይውሓድ: ይብዝሕ: ብርግጽ ካብ ክልቲኡ ወገን እቲ ቁጽሪ ማዕረ ኢዩ::

እቲ ወግዓዊ መግለጺ መንካዕ ዘልዓሎም ጭርሖታት ግዜኦም ዘይሓለዉ ብምኳኖም ነቲ ውድብ ከዕንዉ ስለ ዝኽእሉ ስጉምቲ ተወሲድዎም ይብል:: እቲ ካልእ "የሚን" ዝብሃል ጉጅለ መንካዕ ንምቅላስ ኣብ ኣውራጃነት ስለ ዝተሞርከሰ ፍርዲ ተዋሂቡዎ ይብል::

ዳን-ኮኔል:- ብገለ መንገዲ ምስ ሳልሕ ሳበ ዘተኣሳሰር ነይርዎ ዲዩ?

ብርሃነ:- ኣይመስለንን::

ጴጥሮስ ይኹን ብርሃነ ነዞም ናይ መንካዕ ይኹኑ ናይ የሚን ምንቅስቓስ ኣብ ልዕሊኦም እንታይ ከም ዝተወስደ ኣይነፍልጥን ነይርና:: ንዓና 'ውን ምስቶም ተጋደልቲ ብሓባር ኢዩ ተገሊጹልና ይብሉ ኣለዉ:: መን ኢዩ ድኣ ነዚ መስርሕ ቃልሲ ኣካይድዎ? ከም ዝተቐትሉን ምኽንያት መቕተሊኦምን ካብ ተዘርበ: እሞ ኣብ ዝለዓለ ናይ መሪሕነት ቦታ ዝተቐመጠ ሰብ: ነቲ ንሱ ዝመርሖ ኣመራርሓ: መን ኢዩ ነቲ ኩነታት ክገልጸሉ ዝጽበ ዘሎ? ነባቢ ባዕልኻ ፍረዶ::

ዳን-ኮኔል:- ኣብ መጀመርያ ዓመት እቲ ሰልፊ ስጋብ ክንደይ ደሞክራስያዊ ነይሩ ትብል? ከም'ቲ ዝገለጽካዮ ኣብ መወዳእታ እቲ ሰልፊ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ኣይሰርሕን ነይሩ:: እቲ ሰልፊ ኣብ ውሽጡ ደሞክራስያዊ ስለ ዝነበረ: ኣብ 76 77 ብጭቡጥ ሓባራዊ መሪሕነት ነይሩ ክትብል እተጋነነ ሪኢቶ ዶ ኣይከውንን?

ብርሃነ:- ከም ዝመስለኒ ሽው ዕጉባት ነይርና:: ዘስርሓና ቅኑዕ መንገዲ ሒዝና ኣለና ኢልና ንኣምን ነይርና::

እቲ ሰልፊ ኣብ ቅድሚ ኣባላት ጥራይ ዘይኮነ: ኣብ ቅድሚ ዘይኣባላት ሰልፊ 'ውን እንተኾነ: ኣባላቱ ርእሰ ተኣማንነት ከም ዝፈጥሩ ብምግባር: ከም መራሕቲ ንገዛእ ርእሶም ፊተውራሪ ምኻኖም ከረጋግጹ ይገብር ነይሩ:: መብዛሕትኦም ኣባላት ሰልፊ: ኣብ እተፈላለየ ጽፍሒ ዝርከቡ መራሕቲ ብምንባሮም: ህይወቶም ንምስዋእ ንነብሶም ብቕዳምነት ይሰርዑ ነይሮም::

ዳን-ኮኔል:- ጴጥሮስ መዓስ ኢኻ ኣብ ህዝባዊ ግምባር ተሰሊፍካ?

ጴጥሮስ:- ኣብ 1972 ተሰሊፈ?

ዳን-ኮኔል:- ካብ'ቲ እዋን ኣትሒዙ ስምካ ምስ ናይ መንካዕ ምንቅስቓስ ተኣሳሲሩ ይለዓል: ናትካን ናይ ስብሓትን::

ብርሃነ:- እወ ጴጥሮስ ኣባል መንካዕ ነይሩ::

ዳን-ኮኔል:- ተሃድሶ ወሲድካ ዲኻ?

ጴጥሮስ:- ስብሓት ኣብ'ቲ ቀንዲ ጉጅለ ኣይነበረን?

ዳን-ኮኔል:- ብርሃነ ኣብዚ ምንቅስቓስ ነይርካ ዲኻ?

ብርሃነ:- ብርግጽ ኣብ'ቲ እዋን ኣብ ሳሕል ኣይነበርኩን:: ኣብ ዓደን ነይረ::

ጴጥሮስ:- ኣብ'ቲ እዋን ኣብ ሓይሊ ባሕሪ ነይሩ::

ብርሃነ:- ኣብ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ነይረ:: ምናልባት ኣብ'ዚ ምንቅስቓስ ምተሓወስኩ ነይረ::

ዳን-ኮኔል:- ብቐይሕ ባሕሪ ኣቢልኩም ኣጽዋርን ካልእ ቀረብን ተምጽኡ ዶ ነይርኩም?

ብርሃነ:- እወ::

ጴጥሮስ:- ኣነን ስብሓትን ኣብ ኣልጌና ኣብ ሓንቲ ኣሃዱ ነይርና: እታ ኣሃዱ ካብተን ህውከት

ዝፈጥራ ሓንቲ ኢ.ያ ነይራ:: ኣል-ኣሚን ናይ'ታ ኣሃዱ ኮምሽነር ኢ.ዩ ነይሩ::

ዳን-ኮኔል:- ኣል-ኣሚን ምስ መንካዕ ምትእስሳር ነይርዎ ዶ?

ብርሃነ:- ኣይፋሉን::

ዳን-ኮኔል:- ሕጂ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ጎኒ ኢ.ሰያስ ኢ.ዩ ዘሎ::

ብርሃነ:- ለውጢ ዘምጽእ ኣይኮነን::

ዳን-ኮኔል:- ኣብ'ቲ እዋን ድሩዕ ኣበይ ነይሩ? ካብ ሜዳ ወጺኢ ድዩ ነይሩ? ኣብኡ ኣይነበረን?

ጴጥሮስ:- ድሩዕ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኢ.ዩ ነይሩ::

ብርሃነ:- ተማሪኹ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ነይሩ::

ዳን-ኮኔል ንምንታይ ሰልፊ ከም ዝእለ ተገይሩ?

ዑቕበ ኣብርሃ:- ኣብ 80 ታት ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ ህላዌ ሰልፊ ክፈልጡ ጀሚሮም እዚ ኣሉታዊ ጽልዋ ነይሩዎ ገለ ኣባላት ሰልፊ ኣዕሩኹም ኣዝማዶምን ካልእን ይምልምሉ ኣለዉ ዝብል ወረ ይንዛሕ ነይሩ ስለዚ ምስጢርና ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣትዩ ቁጽሪ ኣባላት ሰልፊ ብኣሽሓት ወሲኹ እዚ ነቲ ሰልፊ በሪዙዎ

እቲ ንሰውራ ንምዕቃብን: ተልእኾ ነጻነት ኤርትራን ሕድሪ ናይ'ቲ ዝኸፈል ዝነበረ መስዋእቲ ኣብ መዕረፊኡ ንምብጻሕን: ቀንዲ ሕመረት መርሓ ሕንጻጽ ናይ'ቲ ሰልፊ: ምስጢር ምዕቃብ ኢ.ዩ ነይሩ:: ኮይኑ ግን: ገለ ኣባላት ሰልፊ ነቲ ናይቲ ሰልፊ ዕማም: ናይ ዓርከይ ዘመደይ መተኣኻኸቢ ገይሮም: ብዘይወግዒ ካብ ኣልመስዎ: ኢ.ሰያስ ኣፈወርቂ ወግዓውነት ሂቡ እንተ ኣደስከሎ ኣበይ ኢ.ዩ እቲ ኸሳራ?

ኣብ 86 ኣብ ዓራርብ ካልኣይ ጉባኤ ምስ ኣካየድና: ነዚ ዝምልከት ርሱን ክትዕ ኣካይድና: ብዘይ ድምጺ ምሃብ ኣብ ኩሉ መዳይ ኣብ ስምምዕ በጺሕና:: ንኣብነት ድሕሪ ናይ ህግ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ: ኢ.ሰያስ ነቲ ግምባር ክመርሕ ኣለዎ ኢ.ልና ወሲና::

ብዘይ ድምጺ ምሃብ ክበሃል እንከሎ እንታይ ማለት ኢ.ዩ? ዝያዳ ክንጸርን ክበርህን ኣለዎ:: ኣብ ዓራርብ ኣብ 86 ዝተኻየደ ናይ'ቲ ሰልፊ 2ይ ጉባኤ ዝተበጽሐ ስምምዕ: ብምሉእ ድምጺ ኣብ'ቲ ናይ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ዝካየድ 2ይ ሓድነታዊ ጉባኤ ናይ'ቲ ግምባር: ብምሉኡ ኣብ'ቲ ጉባኤ ናይ 86: ናይ ሰልፊ ጉባኤ ተሳቲፉ ዝነበረ: ብምሉእ ድምጺ ኢ.ሰያስ ኣፈወርቂ ንህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ክመርሖ: ብዘይ ሓደ ተቓውሞ ሓሊፉ:: እቲ ሓቂ እዚ እንዳኾነ እንከሎ: ጴጥሮስን ብርሃነን: ኢ.ሰያስ ኣፈወርቂ ንነብሱ ፍጹም ሓቀኛን ንጹህን ንኸምስል: ኣብ 86 ቃልሲ ኣንጻር ሰለስተ ዝብል ጎስጓስ ኣካይዱ: ዝበልዎ ብኸመይ ኢ.ዩ? ምስ እዚ ጉዳይ ዝዛመድ ጌና ኣብ'ቲ ናይ ሰልፊ ጉባኤ እንዳተኻየደ እንከሎ ኢ.ዩ: ኢ.ሰያስ ነቲ ቃልሲ ኣንጻር ሰለስተ ዝንባሌታት ዝብል ጎስጓስን መኣረምታን ጀሚርዎ:: ብኢ.ደ ዋኒኑ ገይሩዎ እንተዝኸውን ንምንታይ ኣብ እዋኑ ክትቃወሙ ዘይከኣልኩም?

ዳን-ኮኔል:- እቲ ኩናት ከ ብኸመይ ምስዚ ክዛመድ ይኽእል?

ዑቕበ ኣብርሃ:- "ኣብ'ቲ እዋን እቲ ኩናት ክህልወና ኣዝዩ ሕማቕ ነገር ኢ.ዩ ነይሩ:: ጉዳይ ባድመ ጥራይ ነይሩ እንተዝኸውን: ብሕቡራት ሃገራት ወዘተ... ኣቢሉ ብኻልእ መንገዲ

ምተፈትሐ: እንተኾነ ተጋሩ ካልእ ከባቢታት ናይ ኤርትራ የስፋሕፍሑ ነይሮም:: እቲ ቅልውላው 3 - 4 መዓልቲ ምስ ገበረ ኢየ ሰሚዐ:: ኣብ መጀመርያ እቲ ሕቶ ኣብ'ዚ ኮንቨንሽናል ዝኾነ ኲናት ሃገርና ብኸመይ ንከላኸል ዝብል ኢዩ ነይሩ::

ኲናት ዝመርጸ ሰብ የለን:: ኲናት ንኹናቱ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝካየድ ኲናት:: ኮይኑ ግን ጀነራል ዑቕበ እንታይ ኢዩ ዝብለና ዘሎ? "ጉዳይ ባድመ ጥራይ ነይሩ እንተዝኸውን ብሕቡራት ሃገራት ወዘተ.... ኣቢሉ: ብኻልእ መንገዲ ምተፈትሐ::" ውድብ ሕቡራት ሃገራት እኮ: እዚ እንፈልጦ ዝለመሰ: መጋበርያ ናይ'ቲ ብኢ.ደ-ዙር እትወግኣና ዘላ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ መሳርሒ ኢዩ:: ብኻልእ ኣገባብ ክበሃል እንከሎ ኸ እንታይ ማለት ኢዩ? ባድመ ክንገድፈሎም? መሬትና ኣረኪብና ክንዋገ? ወያነ ብዝደለይዎ መንገዲ ክንርዕም? እንታይ ኢዩ እቲ ኻልእ መንገዲ ዝበሃል ዘሎ?

ጀንራል ዑቕበ ነቲ ቅልውላው: እቲ ኹናት ማለት ኢዩ:: ድሕሪ 3 ወይ 4 መዓልቲ ምስ ኣሕለፈ ኢየ ሰሚዐዮ ይብለና ኣሎ:: ዋእ መጀመርያ ኣብ'ቲ እዋን እቲ: ካብ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስቲ እዞም ዝስዕቡ ጥራይ ኢዮም ካብ ሃገር ወጺኦም ነይሮም:- ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ናብ ሃገረ ስዑድያ ናይ ስራሕ ምብጻሕ የካይድ ነይሩ:: ሚኒስተር ምልክኻል ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም ዝመርሖ ልኡኽ: ንሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግምባር ደሞክራስን ፍትሕን ኣቶ የማነ ገብረኣብ ኣሰንዩ: ብጉዳይ ዶብ ክዘራረቡ ናብ ኣዲስ ኣበባ ከይዶም እንከለዉ ኢዩ: እቲ ኹናት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብወያነ ተኸፈቱ:: ማዕከናት ዜና ኤርትራን ኢትዮጵያን ጥራይ ዘይኮና ኸኣ: ዳርጋ ናይ ዓለም ማዕከናት ዜና ሩርርርር ኢለን ዝግዕራሉ ዝነበራ ርቡጽ ወረ ኢዩ ነይሩ:: እሞ ኸኣ ድኣ: ናይ'ቲ እዋን እቲ ናይ ሃገረ ኤርትራ ሚኒስተር ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነት ዑቕበ ኣብርሃ: ኣብ ልዕሊ ናይ'ታ ንሱ ሚኒስተር ኮይኑ ዝመርሓ ዘሎ ሃገር ብወያነ ወራር ክካየድ እንከሎስ: ሰለስተ-ኣርባዕተ መዓልቲ ምስ ኣሕለፈ ኤርትራ ከም እተወረረት ፈሊጡ:: ኣበይ ነይሩ ኣብዘን መዓልታት? ኣብ ሃለፍታ (ኮማ) ኣትዩ? ወይ: ኣብ መሬት ኤርትራ ከም ቬርሙዳ ላይን ዝውሕጥ ትራጀዲ ሸሚምዎ? ወይ: ኣብ ሰማያት ኤርትራ ዝዘንበዩ ዩፎ ጨውዮሞ ነይሮም? ዝገርም ጉዳይ ኢዩ ህዝቢ ባዕል'ኻ ፍረዶ::

ይኹን ድኣ እምበር: ብድሕርዚ ጉዳይ ዘሎ ምኽንያታት ክጽናዕ ነይርዎ:: እቲ ኹናት ብኸመይ ጀሚሩ ዝወሃብ ዘሎ መግለጽታት ብወገነይ ኣይቅበሎን:: ስጋብ ሕጂ ንባድመ ክንከይድ ዝኣዘዘ መን ምዃኑ! ዝፍለጥ የለን::

ካብ ቀዳማዩ ዳሕራዩ ዝገድድ ብሂል:: መበገሲ ኲናት ክጽናዕ ኣለዎ:: መበገሲ ኲናት ድኣ ርእሰ ግሉጽ እንድ'ዩ:: ባድመ ኣብ ክሊ ግዝኣታዊ መሬት ኤርትራ ዝሰፈራ ንባብ ካርቶግራፌ ምዃኑ: መግዛእታዊ ሰነዳት ዝሕብሩዎ ሓቂ ኢዩ:: ህዝቢ ብተደጋጋሚ ብሰበ-ስልጣን ወያነ ዝበጽሖ ዝነበረ በደላት ናብ መንግስቲ ጥርዓኑ የቕርብ ነይሩ:: ወያነ ንጉሆ: ንጉሆ ናይ ምጥራር መስርሑ ይቕጽል ስለ ዝነበረ: መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ጉዳይ ፍጹም መዓልቦ ክገብረሉ: ኣብ ናይ ዘተ ጽምዶ ኣትዩ ብደረጃ ሚኒስተር ምክልኻል ዝምራሕ ዝለዓለ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ: ብጉዳይ ናይ ባድመን ኣብ ህዝቢ ዝበጽሕ ዘሎ በደላትን ምጽራይ ዶብ ክዘራረብ ናብ ኣዲስ ኣበባ ተጓዒዙ: ብወያነ ዝግበር ዘሎ ዘይሕጋዊ ጠረራን: በጺሕዎ ዘሎ ደረጃን ስፍሓቱን ክሊ ከባብያዊ ኩነታቱን ክዕዘቡ ብማለት: ኣብ ገዛእ መሬቶም ኮለላ ከካይዱ ካብ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል: ናብ'ቲ ቦታ ምስ ተንቀሳቐሱ: ወያነ ቶኺሲ ብምኽፋት ኣውዲቕዎም:: ነዛ ሓላል መሬት ክብሉ ኸኣ በጃ! ሓሊፎም:: ነዚ ሓቂ እዚ ድዩ ጀነራል ዑቕበ ብኸመይ ከም ዝጀመረ ኣይፈልጥን ኢየ ዝብለና ዘሎ? ዶስ: ጀነራል ዕቕበ እምነቱ ልክዕ ከም'ቲ ወያነ ኤርትራ ኢ.ያ ወሪራትና ዝብሎ ኢዩ ክብለና ደልዩ ዘሎ? ነዚ ናይ መንግስቲ መግለጺታት ዘይቅበሎ እንተኾይኑ: ነየናይ ኢዩ ክቕበል? ጀነራል ዑቕበ ክሳብ ሕጂ ኣብ ስልጣን ጸኒሑ ነይሩ እንተዝኸውን: ምናልባት ነቲ ወያነ ኤርትራ ኢ.ያ ወጊኣትና ብማለት: ከም መከሓሓሲ ኢሎም ዘቕርብዎ ዘለዉ: ነቲ መለስ ዜናው ዘቕረቦ ናይ 5 ነጥብታት እማመ ሰላም ምተቐበሎ ነይሩ

ይኸውን:: ”ናብ ባድመ ክንከይድ መን ከም ዝኣዘዘ? ክሳብ ሕጂ መን ምዃኑ? ዝፍለጥ የለን::” ኢሉና ጀነራል ዑቕበ:: ናይ ሓንቲ ንእሽቶ ኣሃዱ መን ከም ዝኣዘዘ? ንምፍላጥ ዝግበር ሃተምተም እሞ ይጽንሓልና:: ንሃገር ምልእቲ ዝበከለ ኩናት: ብወያነ ክኸፈት እንከሎ ኣብ 4ይ መዓልቱ ትፈልጥ እንተኾይንካ ድኣ: ናብ ባድመ ክንቀሳቀስ ናይ ዝኣዘዘ ሰብ ክትፈልጥ ዓመታት ዘይኮነ: ዘመናት ክወስደልካ ስለ ዝኾነ: ሱቕ እንተትብል ምሓሸ:: ብኻ! ተሪፉትካ እዛ ቃለ መሕትት::

እቲ ኹሉ እተወስደ ውሳኔ: ነቲ ጸገም ዝሕብር ኢዩ:: ንስትራተጂካዊ ሕቶ ብቐዳምነት ወሲዱ እተመያየጠ ጉድለ የለን:: ስጋብ ሕጂ ካብ ኩለን ሚኒስትርታትን ናይ ስለያ ምንጭታትን ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ጉዳያት ዘጽንዕን: ሓበሬታ ዝእክብን ናይ ጸጥታ ትካል የለን::

እቲ መሰረታዊ ጸገም እኮ ነቲ ስትራተጂካዊ ክውንነት ክትመያየጥ: መዓልታዊ ኣብ'ታ ሃገር ዝካየድ ይመልከተኒ ኢዩ ኢልካ: ኣብ ልብኻ ከተስፍሮን: እምነት ከተንብረሉን ኣለካ:: ንኹሉ ድኽመታት ናብ ምምይያጥን ዘይምምይያጥን ከነላግቦ የብልናን:: ናይ ሓንቲ ሃገር ሚኒስተር ዝኣክል ኣብ ሃገሩ ንዝካየድ ወራር: ኣብ ውሽጢ ሃገር እንከሎ ጓና ኾይኑ: ድሕሪ 4ተ መዓልቲ ኢየ ሰሚዐ ዝብል እንተኾይኑ: ተመያይጡ: ኣይተመያይጡ እንታይ ለውጢ ኢዩ ከምጽእ? ”ንኹሉ ናይ ስለያ ምንጭታት ሓበሬታ ዝእክብ ናይ ጸጥታ ትካል የለን::” ተባሂሉ:: ኤርትራ ህዝባ ኢዩ መድሕና:: ህዝባ ኢዩ ጸጥታኣ:: እዚ መንግስቲ እምነቱ ኣብ ህዝቡ ስለ ዝኾነ ኢዩ: ነዚ ኹሉ መሰናኽል ውሽጥን ግዳምን ጸኒዑ ዝሰግሮ ዘሎ ’ምበር: ክንደይ ድዩ ዝግበር ዘሎ:: ልክዕ ኢዩ ኣብ ዓለም መንግስታትን ህዝብን ኣለዉ:: ኣብ ኤርትራ ግን ዝተነጻጸለ መንግስትን ህዝብን ዝበሃል የለን:: እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዘይከም ካልኦት ዓለማት: እቲ መንግስቲ ህዝቢ ኢዩ:: እቲ ህዝቢ ኸኣ መንግስቲ ኢዩ:: እዚ ኸኣ ሕመረት ናይ'ቲ ንኹሉ ክብድህ ዘኽኣለ ኤርትራዊ ጽንዓት'ዩ:: እዚ ህዝቢ እዚ ንነብሱ ጸኒዑ! ንህዝቡን ሃገሩን መንግስቱን ስለ ዘጽንዐ ኢዩ! ኣብ ኩሉ መዳይ ዝዕወት ዘሎ:: ህዝቢ ዝሰረቱ መንግስቲ ኸኣ: ኣንቆራ ዝተነጻጸለ ኣሃዱ ኣይኮነን ዘድልዮ:: ልቢ ህዝቢ ኢዩ ኣሃዱኡ::

ንሃገራዊ ጸጥታ ዝምልከት ሓላፍነት እተሰከመ ሓደ ሰብ ኣሎ:: እዚ ኹሉ ንሓደ ሰብ: ነቲ ፕረሲደንት ጥራይ እንተገዲፍካሉ: ውልቀ መላኽነት ኢዩ ዝስዕርር: ነዚ ንምግላጽ ካልእ መንገዲ ’ውን ኣሎ::

ሃገራዊ ጸጥታና ኣብ ሓደ ሰብ ወዲቑ ነይሩ እንተዝኸውን: ከምቲ ዝተሓለኖን ዝተወጠኖን: ኤርትራ: ሎሚ ብጥሩፋትን: ሕሉፋት በለጸኛታትን: ውጥን ሰንሰለት ሓድጊ መግዛእትን: እምቦራጠርያዊ ሕልምታትን: ባህጊ ወያነ ዘስምር: ባብ ኣፍደገ ባሕርን ድልየተ ርውየት ሰብ ፍሉይ ረብሓ እተሳሲ: ድኽምቲ ዝተረመሰት ኤርትራ ምረኣና ነይርና::

ሃገራዊ ጸጥታና: ሕመረቱ ካብ ህዝቢ ናብ ህዝቢ ስለ ዝኾነ: መደባት ነድኢ ተጻባእትና ዘፍሸለ ህዝባዊ ዕዮና እንተዝዝርዝር: ኪኖ ዕምቆት ባሕሪ ኣብ ውቅያኖስ ዘሎ ማይ ሃፊፉ: እምባ ዘሎ በረድ ኣምኪኹ ምስ ተቐበለ:: ክብርን ሞጎስን: ነቲ ጸኒዑ ዘጽነዓና ህዝቢ ኤርትራ!!!

ሰማእታትና ብመብጸዖኦም ይደበሱ!!!

ናይ ትማሊ ዓወት ሎሚ ውን ክድገም ኢዩ!!!

ከም ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!!!

ግዱሳት ተጸናጸንቲ እከይ ውዲታት

gdusattsenatsenti@gmail.com